# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.193 | ዓርቢ 12 ሚያዝያ 2024 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 — ጥዕና ኣስናንና ንምሕላው . . .





ገጽ 3 — ሞት 40 ሓራምዝ ኣሪት-ኪሎ ዘኸተለ ዓውደ-ውግእ





ገጽ 4 — ክእለትካ ምምዝማዝ





ገጽ 5 — ቀርሰንቲዶ ቀርሰምቲ ወይስ መቕሰንቲ





ገጽ 7 — ደንደን፡ ኣለና፡ ሳዋን ሓሬናን . . .




## ኣብ ሰረጀቓን ሽዕብን፡ ሰፊሕ ልምዓታዊ ስራሓት ይሰላሰል ኣሎ

ነብርቲ 27 ዓድታት ንኡስ ዞባ ሰረጀቓ፡ ካብ መጀመርያ ወርሒ ለካቲት ጀሚሮም - ጥብ ዝበለት ማይ ንምዕቃብ ሰፊሕ ወፈራዊ ስራሓት የሰላስሉ ኣለው።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ኣብርሃም ብርሃ፡ እቲ ቀናታዊ ዛላ፡ ሕርሻዊ ዛላን ከትርን ዘጠቓልል ስራሕ፡ ኣካል ናይ'ቲ ክረምቲ ቅድሚ ምጅማሩ ክግበር ዝዀበአ - ብክፍሊ ሕርሻን መሬትን ዞባ ማእከል ዝተሳእለ መደብ ከምዝዀነ ገሊጹ።

ህዝቢ መዓልታዊ 4 ሰዓታት ብወፈ ይሰርሕ ከምዘሎ ጠቒሱ ድማ፡ ዛጊት 700 ሄክታር ሕርሻዊ ዛላ፣ 60 ሄክታር ቀናታዊ ዛላ፣ ከምኡ'ውን 3,500 ሜትሮ ከቢ ከትሪ - ከምእተሰርሐ ሓቢሩ።

ኣመሓደርቲ ምምሕዳራት ከባቢ እምባደርሆ፡ ገረሚን ጽሓፍላምን፡ እቲ መደብ ብክኢላታት ሕርሻ እናተመርሐ ይቕጽል ከምዘሎ ገሊጾም።

ኣብ ንኡስ ዞባ ሽዕብ እውን ካብ በረኽቲ ቦታታት ዝወርድ ውሕጅ ኣብ ሕርሻዊ ጥቕሚ ንምውዓል - ሰፊሕ ናይ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ስራሓት ይካየድ ከምዘሎ ተፈሊጡ።



ሰኣሊ ዮናታን የዕብዮ

ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ሰሜን መሻሽብ ኣቶ ሰዒድ ናስር፡ እቲ ኣብ 8 ምምሕዳራት ከባቢ ዝሰላሰል ዘሎ - ብጉልበት ሰብን ኣብዑርን ዝተደገፈ ወፈራታት፡ ብውሕጅ ንዝየዓው ትሕተ-ቅርጺ ብሓፈሻ፡ ዓሞማት፡ጀረፋትን ዛላታትን ድማ ብፍላይ ንምጽጋን ከምዝዀነ ገሊጹ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ሽዕብ ብኽረምቲ ባሕርን ከቦሶን ዝሕረስ - ልዕሊ 8 ሽሕ ሄክታር ከምዘሎ፡ ሰነዳት ናይ'ቲ ምምሕዳር የረድኡ።

## ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ኣብ ምቁጽጻር ብቕዓት ዘርኢ ስልጠና ሂቡ

ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቊጽጽርን ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ካብ 1 ክሳብ 5 ሚያዝያ፡ ንቊጽጽር ብቕዓት ዘርኢ ዝምልከት ስልጠና ሂቡ።

እቲ ስልጠና፡ ክኢላታት ቊጽጽር ኣዝርእቲ፡ ኣብ መዳይ መርመራን ኣወሃህባ ፍቓድን ኣዝርእቲ ንዘጽንሖም ብቕዓት ክብ ኣብ ምባል፣ ከምኡ'ውን ኣፍልጦ መፍረን ኣተሓሕዛን ልዑል-ዝበቕዓቶም ኣዝርእቲ ኣብ ምሕያል ዝዓለመ ምዃኑ - ህዝባዊ ርክባት ናይ'ቲ ሚኒስትሪ ናብ ኤሪና ኣብ ዝለኣኾ ጸብጻብ ገሊጹ።

ኑቲ ኣብ ቤት-ጽሕፈት ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቊጽጽርን - ቪላጆ ዝተዋህበ ብዮዝበሪ ዝተሰነየ ትምህርቲ፡ ካብ ዝተፈላለያ ዞባታት ሃገርና፡ ክፍሊ ሕርሻዊ ኢክስተንሽን፡ ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር፡ ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቊጽጽርን፡ ከምኡ'ውን ካብ ሃገራዊ ላቦራቶሪ ጥዕና እንስሳን ብቐልጠን ዝመጽኡ 32 ክኢላታት ሕርሻ ተሳቲፎምሉ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቊጽጽርን ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣቶ ተኽለኣብ ምስየስ፡ ምፍራይ ብቑዕ ዘርኢ ሓደ ካብ'ቶም ንሕርሻዊ ፍርያት ብቐጥታ ዝጸልዉ ቀንዲ ረቛሒታት ምዃኑ ብምጥቃስ፡ እቲ ስልጠና፡ ብፍላይ ኑየም ምስ ሓረስቶት ብቐረባ ዝሰርሑ ክኢላታት ሕርሻዊ ኢክስተንሽን ቀዋምነት ዝበለ ምፍኑ፣ ኣብ ቀጻሊ እውን ተመሳሳሊ መደብ ከምዝውደብ ሓቢሩ።

ሰልጠንቲ፡ ዝቐሰምዎ ትምህርቲ ብዮዝበሪ ክሰርሑሉን ናብ ካልኦት ከመሓላልፍዎን ድማ ኣዘኻኺሮም።

## ዓዲ-ቐይሕ - ንውዳበን ተራን ደቂ-ኣንስትዮ ዝምልከት ሰሚናር ተኻዪዱ

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲቐይሕ፡ ውዳበ ደቂ-ኣንስትዮ ኣሐፍልካ ኣበርክቶኣን ኣብ ልምዓታዊ መደባት ንምዕዛዝ ዝዕላማኡ ሰሚናር - ብ2 ሚያዝያ ተኻዪዱ።

ሓላፊት ሃማደኤ ዞባ ደቡብ ወ/ሮ ሰናይት ኣፈወርቂ፡ ንበርቲ ምምሕዳራት ከባቢ ሃዳሙ፡ ሓይካ፡ ዕናበርን ሕሸመለን፡ ከምኡ'ውን ንሰራሕተኛታት መንግስቲ ኣብ ዝገበረቶ ሰሚናር፡ ደቂ-ኣንስትዮ ንቕሓተን ኣብሪኸን ድሕሪ ልምድታት ክቃለሳን ኣብ ሕብረተሰብ ብቑዓት ተዋሳእቲ ክኾና፡ ውዳበአንን ኩሉ-መዳያዊ ተሳትፎአንን ክሕይል ከምዝግባእ ኣገንዚባ።

ድሙቕ ተራ ኤርትራውያን ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ዝተፈላለየ መድረኻት ዝጠቐሰት ወ/ሮ ሰናይት፡ ኣብ መንእሰያት ደቂ-ኣንስትዮ ዝግበር ናይ ምንቃሕን መደባት፡ ከምኡ'ውን ክብርታት ሕብረተሰብ ኤርትራ ናይ ምስራጽን ብኣካዳሚ ንኽሰጉማ ናይ ምድጋፍን ዕማም - ብዕቱብ ክሰራሓሉ ከምዝድሊ ኣተሓሳሲባ።


ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ዓዲቐይሕ ኣቶ ሃብታይ ተስፋዝጊ ብወገኑ፡ ተራን ኣበርክቶን ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ መዳይ ምሕደራን ኣገልግሎታትን ድሕሪ ምምጓስ፡ ካብ'ዚ ዘለዋአ ክዕቢያን ክሕይላን - ናይ ኩሉ ኣካል ሕብረተሰብ ደገፍ ከምዝድልየን ኣስሚሩሉ።

ኣብ ካልእ ዜና ናይ ዓዲ-ቐይሕ፡ ኣብ'ታ ከተማ፡ ኣብ ትካላት ንግዲ ብዝተኻየደ ስርዕ ናይ ምቁጽጻር ስራሕ፡ መዓልቱ ዝሓለፈ ሃለኽትን ካብ ዝተፈቕደለን ንጥፈት ወጻኢ ሓዚን ዝተረኽባ፡ ዝርዝር ዋጋ ዘይለጠፋ፣ ናውቲ መጥፋእቲ ሓዊ ዘይጸንሐንን ካልእ ጉድለት ዝተረኽበን ትካላት ተቐጺዐን።





ሓላፊት ሕግን ስርዓትን ወ/ሮ ጉብረኤላ ይትባረኽ፡ እቲ ስርዕ ናይ ምቁጽጻር ንጥፈት፡ ምስ ኣብያተ-ጽሕፈት ጥዕናን ንግድን ብምትሕብባር ከምዝተኻየደ ጠቒሳ፡ ጉድለት ዝተረኽበን ኣስታት 230 ትካላት ገንዘባዊ መቕጻዕቲ ክኸፍላን እንከለዋ፡ መዓልቱ ዝሓለፈ ሃለኽቲ ድማ ከምእተቓጸለ ሓቢራ።



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ጥዕና ኣስናን ንምሕላው ዘኽእሉ መንገድታት

ሸኮራዊ መግብታት፡ ንኣስናን ጉዳእቲ ምዃናም ዘይፈልጥ ሰብ የለን። እንወስዶ ብዙሕ ብዘየገድስ ሸኮር ኣብ ኣስናንና ዘስዕቦ ጉድኣት ኣዝዩ ከቢድ እዩ።

ክኢላታት ክንክን ኣስናን፡ ፋርማጆ፡ ካሮትን ፍረታትን ንድልዱል ኣስናንና ኣዝዮም ኣገደስቲ ምዃናም ይዛረቡ። ካብ ፍረታትታ፡ ሚለ ኣብ ኣስናንና ዝሀሉ ተረፍ መረፍ መግቢ ናይ ምጥፋእ ልዑል ተኽእሎ ኣለዎ፡፡ ፋርማጆ ድማ ኑቲ ኣብ ኣፍና ክፍጠር ዝኽእል ንኣስናን ዘመሻምሽ ኣሲድ ከጥፍኦ ከም ዝኽእል ክኢላታት ይዛረቡ።

ግርጻናም ብቐለሉ ዝደምዩ ሰባት፡ ንምሕሳኽን ምብልሻውን ኣስናን ዝተቓልዑ ምዃናም ኣብ ኣመሪካ ዝርከቡ ኪላታት የንዝቡ። እዚ ተርእዮ'ዚ ብሕጽረት ዝተመጣጠነ መግቢ ዝስዕብ ምዃኑ፡ እቶም ተመራመርቲ ወሲኾም የረድኡ።

ብመሰረት 'guide to dental health' ዝተባህለ ማሕበር ሓኪይም ስኒ ኣመሪካ፡ ዋሕዲ ቫይታሚናትን ማዕድናትን ኣስናንና ብቐለሉ ከምዝበኣሶ ዝኑበር ረቒሒ እዩ። እዚ ግና፡ ቀጥታዊ ጽልዋ ኣይኮነን ዘለዎ፡፡ እቶም ክእለታት፡ ግርጻንና ዝተረረን ዘይደምን ንክኸውን ብፍላይ ቫይታሚን 'ሲ' ምውሳድ ኣዝዩ ኣገዳሲ ከም ዝኾነ ይመኽሩ።

ማዕድን ካልሲዩም፡ ኣስናን ንኽትረር ዓቢ ግደ ከም ዘለዎ መብዛሕትኦም ተመራመርቲ ይሰማምዕሉ። ዚ ዝምልከት ኣብ ካሊፎርኒያ - ኣመሪካ መጽናዕቲ ተኻዪዱ ነይሩ። እቲ መጽናዕቲ ኣብ ልዕሊ ክልተ ጉጅለታት እዩ ተኻዪዱ። እቲ ሓደ ጉጅለ ኣብ መዓልቲ ሓደ ሽሕ ሚሊ. ግራም ካልስዩም ዝወስዱ ሰባት ዝጠርነፈ ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ካልኣይ ጉጅለ ድማ፡ ብዙሕ ካልስዩም ዘይወስዱ ሰባት ዝሓቖፈ እዩ ነይሩ። እቶም ተመራመርቲ ኣስናን ናይቶም ብዙሕ ካልሲዩም ዝወስዱ ሰባት ዝተረረ ኮይኑ ረኺቦምዎ።

እቲ ካልእ ንሕማም ስኒ ዝቃለዕ ኩነት፡ ምብሕጓግ ላዕለዋይ ቀጻላ ስኒ (ኢናመል) እዩ። ዚ ዘቃልዓና ብዙሕ መጸጽ ማስተ (ከም ጸማቑ ለሚን ምውሳድ እዩ። ቫይታሚን 'ሲ' ኣብ ጥዕና ኣስናንና ዓቢ ግደ ከም ዘለዎ - ኣብ ላዕሊ ጠቒስናዮ ኣለና። ምስ ዝበዝሐ ግና ንቀጻላ ስኒ ክሃስዮ ይኽእል።

ጥዕና ኣስናንና ንምሕላው ዘኽእሉ መንገድታት ሓያሎ እዮም። ገለ ካብኦም ንምጥቃስ፦

### ኣስናንና ከይተሓጸብና ናብ ዓራት ኣይንደይብ

ክኢላታት ስኒ ከም ዝመኽርዎ፡ ኣብ መዓልቲ እንተውሓደ ክልተ ሳዕ ኣስናንና ክንሕጸብ ይግባእ። መብዛሕትና ዚ. ምኽሪ'ዚ ዕሽሽ ብምባል፡ ኣብ ክንክን ኣስናን ተጉዳስነት ከሕጽር ንርኢ ኢና። ቅድሚ ናብ ዓራት ምድያብና ኣስናንና ብዝዮኮ ምስ እንምውቱ ኣብ ምሉእ መዓልቲ ኣብ ኣስናንና ዝተኣከቡ ታህዋስያን (germs) ንምርባሕ ዝሕግዝ ተረፍ መግቢ ንምእላይ የኽእለና።

### ብዮኮት ኣስናንና ክንምውጽ ይግባእ

ኣስናንና ንምምዋጽ እንኽተሎ ኣገባብ ወይ መንገዲ፡ ኣብ ጽሬትን ክንክንን ኣስናን ኣገዳሲ እዩ። ድኹም ኣገባብ ኣማውጻ ኣስናን ልክዕ ኣስናን ከም ዘይምምዋጽ እዩ ዝቑጸር። ኣስናንና ክንምውጽ እንከለና፡ እኹል ግዜ ክንህቦ ይግባእ። ኩሉ ክፋሊ ኣስናንና ብዝዮኮ ክንሓጽቦ የድሊ። ኣስናን ብዮኮት ምስ ዘይንምውጹ ንምብሕኻኽን ምምሽማሽን ኣስናን ከም ዘቃልዓና ክስተብሀል ይግባእ።

### መልሓስና ምጽራይ ክንርስዕ የብልናን

ንኣስናንና ዝሃስዩ ታህዋስያን - ኣብ መልሓስና ተዓቚቦም ክጸንሑ ይኽእሉ እዮም። እዞም ታህዋስያን እዚኦም ሕማቕ ጨና ኣፍ ካብ ምፍጣር ሓሊፎም፡ ካልእ ጥዕናዊ ጸገማት ናይ ኣፍ ከስዕቡልና ይኽእል እዮም። ኣስናንና ኣብ እንጽርየሉ እዋን፡ መልሓስና እውን ብዮኮት ክንሓጽቦ ከም ዘለና ይምከር።

### እትጥቀመሉ መሕጸቢ ስኒ (ኮልጌት) ምሩጽ ክኸውን ይግባእ

መሕጸቢ ስኒ ኣብ እትመርጸሉ እዋን፡ ዘለዎ ብቕዓትን ትሕዝቶን ከተስተብህሉ ኣገዳሲ እዩ። ዝኾነ ዓይነት ይኹን ናይ 'ፍሎራይድ' (fluoride) ትሕዝቶ ዘለዎ ክኸውን ይምረጽ፡፡ 'ፍሎራይድ' ካብ ምምሽማሽ ኣስናን ዝከላኸል ኮሚካላዊ ውህደት እዩ።

### ብሉጽ 'ብራሽ' ወይ መመወጺ ክትጥቀም ይግባእ

እንጥቀመሉ ዓይነት 'ብራሽ፡ ኣብ ዓይነቱ ብሉጽ ክኸውን የድሊ፡፡ ምኽንያቱ፡ እቲ 'ብራሽ' ወይ መመወጺ ኣብ ኣስናንና ተቐርቂሩ ንዝተረፍ መግቢ ንምውጻእ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣስናንና ንምጽራይ ብቑዕ ክኸውን ይግባእ፡፡ እቲ ብራሽ ተሪርን ዓጸቕን ምስ ዝኸውን፡ ንቀጸላታት ኣስናን ክጎድእ ከም ዝኽእል ኣይትዘንግዑ፡

### ምግጽጓጽን ምሕጻብን ኣፍ ዘይምርሳዕ

ምግጽጓጽ ወይ ምሕጻብ ኣፍ፡ መዓልታዊ ክንገብሮ ካብ ዘገበኣና ኣገባብ ክንክን ኣስናን እዩ፡፡ ብተደጋጋሚ ኣፍና ብፍላይ ድማ ድሕሪ ዝኾነ ዓይነት መግቢ ምውሳድና ምስ እንገጽግጾን እንሓጽቦ፦

* ኣብ ኣፍና ክህሉ ዝኽእል ኣሲድ ክጎድል ይሕግዘና፡፡ ኣብ ኣፍና ዝህሉ ኣሲድ ታህዋስያን ብቐለሉ ንኽራብሑ ይሕግዞ፡ ኣፍና ሕማቕ ጨና ክህልዎ ድማ ይገብር፡፡

* ኣብ ኣፍና ዝተርፍ መግቢ ብኣጋኡ ስለ ዝጽረግ፡ ኣስናንና ብብራሽ ኣብ እንምውጸሉ እዋን ብቐለሉ ክጸሪ ይሕግዘና፡፡

* ካብ ምብዕካኽ ኣስናን ድማ የድሕነና፡፡

ኣስናንናም ምምዋጽ ዘይክእሉ ህጻናትን ሽማግለታትን፡ ምግጽጓጽን ምሕጻብን ኣፍ እቲ ካልእ ኣማራጺ ክንክን ኣስናን ምዃኑ ክኢላታት ይገልጹ፡፡

ኣብዚ፡ ኣፍና ብኸመይ ኣገባብ ክንሓጽቦ ንመሕጸቢ እንታይ ዓይነት ኮሚካል ክንጥቀምን ከም ዘለና፡ ምስ ሓኪይም ምምኽኻር ከም ዘድሊ ኣይንዘንግዕ፡፡

### ብዙሕ ማይ ምስታይ

ማይ ምስታይ፡ ንሓፈሻዊ ጥዕናና ኣገዳሲ ምዃኑ ብክኢላታት ብተደጋጋሚ እዩ ዝግለጽ፡፡ ብዙሕ ማይ ምስታይ ንጥዕና ሰዃንን ኣፍን ኣገዳሲ ምዃኑ'ውን ክንዝንግዖ የብልናን፡፡ ድሕሪ ምምጋብና ማይ ምስታይ፡ ካብቲ መግቢ ኣብ ኣፍና ክተርፍ ዝኽእል ኣሲድን ካልእ ትርፍራፍን ክጽርገልና ይኽእል እዩ፡፡

### ደረቕ ፍሩታታትን ኣሕምልትን ምምጋብ

ደረቕ ፍሩታታትን ኣሕምልትን፡ ልዑል ትሕዝቶ ጽሕጊ ስለ ዘለዎም - ንጥዕና ኣስናንና ኣገደስቲ ምዃኖም እዩ ዝግለጽ፡፡ ከም ቱፋሕን ካሮትን ብቐጻሊ ምሕያኽ፡ ኣስናንና ኣብ ምጽራይ ኣገደስቲ እዮም፡፡

### ኣሲድን ሸኮርን ትሕዝቶ ዘለዎም መግብታት ካብ ምውሳድ ምቑጣብ

ሸኮራዊ መግብታት፡ ኣብ ኣስናንና ምስ ዝተርፉ ናብ ኣሲድ እዮም ዝቕየሩ፡፡ ኣሲድ ድማ ንላዕለዋይ ቀጻላ ስኒ (enamel) ናይ ምብሕኻኽ ዓቕሚ ኣለዎ፡፡ ኣሲዳዊ ትሕዝቶ ዘለዎም ፍሩታታት፡ ሻሂን ቡንን ን'ኢናመል' ጉድኣት እዮም፡፡ ስለ'ዚ፡ ድሕሪ ሻሂ ወይ ቡን ምስታይናን ኣፍና ክንገጽግጽ ይግባእ፡፡

### ኣብ ዓመት ክልተ ሳዕ ናብ ሓኪም ስኒ ብምኻድ ክንምርመር ይግባእ

መዓልታዊ እንገብሮ ልምድታት ንጥዕና ኣስናንና ኣገዳሲ እዩ፡፡ ስለ'ዚ፡ ጥዕና ኣስናንናን ኣፍናን ንምሕላው፡ ዋላ ብዝዕባ'ቲ እንጥቀመሉ ብራሽን መመወጽን ምኽሪ ንምርካብ፡ ናብ ክኢላታት ክንከይድ ከም ዘለና ክንዝንግዖ የብልናን፡፡ ብውሕዱ ኣብ ዓመት ክልተ ግዜ ናብ ሓኪም ስኒ ብምኻድ፡ ብዛዕባ ጥዕና ኣፍና መርመራ ክንገብር ይግባእና፡፡





### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድሃይ ኮለጅ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ተዘክሮታት ፍሉይ ቦታታት ኣስመራ |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ጉጅለ ባህ. ኣለ.ሊ. እዚ. ሜካ -74 |
| 16:00 | ሞዛይክ 1ይ |
| 17:00 | ዜና ትግርኛ |
| 17:15 | ድራማ |
| 17:30 | ዜና ዓረብ |
| 17:45 | ሞዛይክ 2ይ |
| 19:25 | እትመት |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | ገሉብ ድሓን |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ተኸታታሊት ፊልም ዋልታ ሓርማዝ |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:15 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |
| 22:40 | እንዳ ዝማም |

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣሰፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቤተልሄም ታደሰ
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳጶ. 1284

# ማህደር ጀጋኑ

ሽሞንዲ ዑቕባሚካኤል

## ሞት 40 ሓራምዝ ኣራት-ኪሎ ዘኸተለ ዓውደ-ውግእ

4ይ-ክፋል

ኣብ ዓንቀጽ ሳልሳይ ክፋል ናይዚ ኣርእስቲ'ዚ፡ ኣብ መጥቃዕቲ ሽረ (ለካቲት 1989) ናይ ዝተሳተፉ ኣሃዱታት ህዝባዊ ግንባርን ጉዕዞኦምን ኣላሊና፡ ኣብቲ ግንባር ምስ በጽሑ ዝገበሩ ሓበሬታዊ መግለጺ ድሕሪ ምስማዖም ሜካ 74 ቦታ መዓርፎኦን ዝወቕየ ሽቶኡ ኣጺሩ ረሻሻቱን ታንክታቱን ዝሰለፈሉ ኣንፈታት እውን ምስ ኣጋር ሰራዊት ብርጌድ 19 ከም ዘተኣሳሰረ፡ ኣንጻር ሓደ ኣጋር ብርጌድ ህዝባዊ ግንባር ብዙሓ ዝገጠሞም ዓቕሚ ብርጌዳት 4ይ ክፍለ ጦር ጸላኢ ከም ዝተዘርዘረ፡ ኣብ መወዳእታ እቲ መጥቃዕቲ ብሰራዊት ወያነ ክጅመር ከም ዝነበረ፡ ግን ካብ ዝተወሰነሉ ግዜ ተደናጕዩ ወጋሕታ ሰዓት 3፡00 ከም ዝጀመረ፡ ድሕሪ ምጅማር ሰራዊት ወያነ ብዘተዋህበ መምርሒ መሰረት ቀዳመይቲ ቦጦሎኒ ብርጌድ 19 ናይ ህዝባዊ ግንባር ፍርቂ ሰዓት ጸኒሓ መጥቃዕታ ከተስምር ነይሩዋ፡ እቲ ቦታ ከምቲ ብኸሻፉ ዝተዓዘቡዎ ጥጡሕ ዘይኮነስ ብዙሕ ማሰናኽል ስለ ዝጸንሓ ግን፡ እታ ቦጦሎኒ ደንጒያ ግዜ ምስ በርሀ ቀዳማይ ሽቶኣ ከም ዝሓዘቶ ተረኺና ኔርና። መቐጸልታ ናቱ እንሆ፤

ቦጦሎኒ 119 ካብ ቀዳማይ ሽቶ ሓሊፋ ናብ ካልኣይ ሽቶ ክትሰገም እንተኾይና፡ ብቐዳምነት እቲ ጸጋማይ በሪኽ ቦታ ብወያነ ክታሓዝ ነይሩዎ። ሰራዊት ወያነ ግን ኣመና ተደናጕዩ። ሓደ ካብቲ ዘጋጥም ዝነበረ ጸገም፡ ናይ መራኸቢ ራድዮ መሳርሒታቶም ካብ ኣቃውማ ቦጦሎኒ ንላዕሊ ጥራይ ይዓጥቁዎ ብምንባሮም እዩ። ኣብ ደረጃ ሓይሊ (ውዳብ ሰራዊት) ስለ ዘይተዓጥቁ፡ ምስ የማኒ ጸጋም ተወሃሂድካ ኣብ ምስራሕ ሓላፍነቶም ተፈጥረ።

መደብ ቦጦሎኒ 219፡ ቦጦሎኒ 119 መጥቃዕቲ ድሕሪ ምጅማራ እዩ ክትሃጅም ተኻኢሩዋ። ግን፡ እዛ ቦጦሎኒ'ዚኣ ብጉቡሪ ምንቅስቓ ክትጅምር ከላ እቲ ግዜ ኣገዚፉ ተሰራሪቑ ዳርጋ ረፊዱ ነበረ። ከዩብርህ ኸሎ ናብ ቀዳማይ ሽቶኣ ክትበጽሕ ምሉእ ኣቓልቦኣ ንቕድሚት ገይራ እናሰጎመት ከላ፡ ካብ ጸላኢ ማሰናኽል ኣጋጠማ። ወተሃደራት፡ ንቕድሚት ሓሊፎም ኣብ መንገዲ ስለ ዝጸንሑዋ ኣብ ዘይተጸበየቶ ቦታ ውግእ ገጠመት። ነቲ ኣብ ድኒቢያ ከእትዋ ዝፈተነ ሓይሊ ጸላኢ ደምሲሳ ብምቕጻል፡ ንቐዳማይ ሽቶ ተቖጻጺራ ናብ ካልኣይ ሽቶ ምስ ተጸገዐት'ውን ካልእ ብደሆ ተፈጥረ፡ ድፋዕ ጸላኢ ኣብ ሰለስተ ዙርያ ዝተሃንጸ ድልዱል መከላኸሊ ኮይኑ ጸኒሑ። በዚ ምኽንያት፡ እቲ ኣብ ምልቃቕ ቀዳማይ መስመር ዝነበረ ናህሪ ስለ ዘይተዓቀበ፡ ጸላኢ ኣብ ዝተመደበ ግዜ ካብ ካልኣይ ሽቶ ተጋዳላይ ክለቕቕ ኣይከኣለን።

ብወገን ቦጦሎኒ 319 ዝነበረ ምዕባለ ድማ፡ ድሕሪ ምጅማርን ምዝርጋሕን ናይተን ክልተ ቦጦሎኒታት ክትዝርጋሕን ክተጥቅዕን መደብ ተዋሂቡዋ ኣብቲ ውግእ ተሰለፈት። በቲ መምርሒ መሰረት'ውን ምስ ቦጦሎኒ 219 ተኣሳሲራ ክትንቀሳቐስ ጀመረት። ጸላኢ፡ መሬት ኣብ ምብርሁ ድፋዑ ገዲፉ ንድሕሪት ስለ ዝሃደመ ጸቡቕ ሰጎመት። ግን ምስ ዘይምልቃቕ እታ ብሸነኽ 219 ዝነበረት ናይ ጸላኢ ቦታ፡ ናህራ ዓቂባ ክጐይን ክትቕጽልን ኣይከኣለትን። ዝነበረታ እንኮ ምርጫ፡ ብጸጋም ዝነበረ ኣሰላልፋ ኣብ ባይታ ሰውጢ ክሳብ ዝምጽኡ፡ ኣብ ዘሎቶ ኮይና ንፈተነታት ጸላኢ ክትዓግት ጥራይ ነበረ።

ስለ'ዚ ካብ ቦጦሎኒ 119 የማን ዝነበረ

ኣሰርታ ቦጦሎኒ ሰዒቡ'ኳ እንተ ነበረ፡ መድፍዓጅታት ቢተን ኣጋር ከቢድ ብረት ህዝባዊ ግንባር ብዘወሰዶ ሓያል ተቓውሞ፡ ክልተ ታንክታት ኣቃጸለ። ድሕሪ'ዚ ጸላኢ ናህሩ ጉዚኡ ጥራይ ዘይኮነ፡ ንድሕሪት ክምለስ'ውን ተገደደ። ኣብዚ ውግእ'ዚ እታ ቦጦሎኒ ከቢድ ማስዋእትን መውጋእትን ኣጋጠማ።

ኣብታ ጸላኢ ከቢድ ጸረ-መጥቃዕቲ ዝፈነወላ ረፋድ፡ ጸረ ኣየር ረሻሻትን ሰለስተ ካብተን ብታንክኛ ኣሃዱ ህዝባዊ ግንባር ተዓጢቐን ዝነበራ ታንክታት ወያነን ብጸረ-ታንክ ጸላኢ ተሃሪመን ዓነዋ። እተን ወያነ ኣለዋና ኢሎም ንታንከኛታት ህዝባዊ ግንባር ዝቐረቡሎም ኣርባዕተ ዝኾና ታንክታቶም ከኣ ክሰራ ኮይነን ተረፋ። ምኽንያቱ፡ ቀዳማይ ዝነበረ ጸገመን ብረተን ፍጹም ኣይተተኮሰን፡ ናብ ቅድሚኻ ዘሎ ዕላማ ኣነጻጺርካ ዝትኮሰሉ ዐምዒ ካብ ክሊ ዓውደ-ውግእ ወጺኡ ክሃልል'ዩ ተረኺቡ። ካልኣይ ጸገመ፡ ጸረ-ታንክ ቦምባታት ኣይነበረንን። ኣብ ውዱእ ግዜ ስለ ዝተዓጥቃ ድማ፡ ክኢላታት ታንክ ህዝባዊ ግንባር ምትዕርራይ ዝገብሩሉ ግዜ ኣይነበሮምን።


ከምኡ'ውን ህሩማትን ስውኣትን ተጋደልቲ ቦጦሎኒ 119፡ ብጸጋማይ ጎድናም ተሃሪሞም ዝወደቑ እዮም። ካብቲ ኣቐዲሙ ብሰራዊት ወያነ ክጽረ ዝነበሮ ብጸጋማይ ሸነኽ ካብ ዝነበረ ድፋዕ ጸላኢ ዝተወርወረ ጠያይቲ ሃሲያ ወሪዱዎም። ጸላኢ፡ ረሻሻትን ደሸካታትን ተጠቒሙ ነቲ ኣብ ማእከል ቃልዕ ጎልጎል ዝወረደ ተጋዳላይ ብኸቢድ

ኣብ ካልኣይ ሽቶ'ውን ስለ ዘዓወተ ተሰፉ ረኸበ። በቲ ብምዕራባዊ ጎላጉል ዝረኸቦ ዓወትን ሞራልን ተደፋፊኡ ኣብ ክንፊ ሰሜናዊ ምዕራብ ንምድጋሙ ተወሳኺ ፈተነ ኣካየደ።

ነቲ ወያነ ኣብ ከበቢ ፋዱስ ዝመንጠሎዎ ታባን ቦጦሎኒ 119 በጺሓቶ ንዝነበረት ሽቶታትን ንምምላስ፡ ሰለስተ ታንክታት፡ ሰለስተ ረሻሻትን ሓደ ሻለቃን ኣሰሊፉ ጸረ-መጥቃዕቲ ፈነወ። ኣብዚ ሰዓት'ዚ እቲ ንተጋደልቲ ከም ጸረ-ታንክ ከገልግሎም ዝወዓለ ቢ-10 ቦምባታቱ ስለ ዝወድአ ክቃወም ኣይከኣለን፡ ታንክታት ጸላኢ ብዘይ ተቓውሞ ኣብቲ ጎልጎል ከሽድዳ ዕድል ረኺበን ንሰራዊት ወያነ ኣብ ከበባ ከእትዋኦ ደለያ። ግን፡ እቲ ብየማን ሽቶታቱ ተመንጢሉ ዝጸንሐ ቦጥሎኒታት 219ን 319ን ዘሳቡ ጸረ-መጥቃዕቲ ከፊቱ ንጸላኢ ኣፍረሱ ንቕድሚት ዝሰሰሞ ነቲ ክጽግዕ ጀሚሩ ዝነበረ ኮንታት ኣርሀው ኣበሉ። እቲ ኣብ ወገን ጸጋም ጸቕጢ ፈጢሩ ዝጸንሐ ጸላኢ፡ ቦታ ዝመጽኣ ንድሕሪት ክምለስ ስለ ዝተቐሰበ ኮንታት ተቓየረ፡ ውግእ ድማ ዘፍ ኢሉ ደው በለ።

እቲ ውግእ ደው ምስ በለ፡ ኣብቲ ግንባር ዝነበረ ዳርጋ ኩሉ ተጋዳላይ ህዝባዊ ግንባር፡ "ኣብዚኣስ ከይተዓወትና ክንምለስ ኢና ማለት ድዩ?" ዝብል ስክፍታዊ ምዕዝምዛም ክሰምዕ ጀመረ። ግን እቲ መደብ ኣብ ቦታኡ ነበረ። ተጋደልቲ፡ ማዕረ'ቲ ዝገብሩዎ ዝነበሩ ቅልጡፍ ናይ ምጥቃዕ ዳግመ ምውዳዳብ፡ ምጥርናፍ ስውኣትን ውጉኣትን እውን

ይኸውን ብጸጋም ዝተሰለፉ ሓይልታት፡ ንቕድሚት ክግስግሱ ኣይከኣሉን። እቲ ምዕባለ ኣብ ከምዚ ዝበለ ደውታ ኸሎ እምባኣር'ያ ቦጦሎኒ 119 ናታ ናይ መጥቃዕቲ ተበግሶ ዝወሰደት። እታ ቦጦሎኒ፡ ነቲ ብቐረባ ብኣሉታ ክጸልዋ ዝኽእል ጎድናዊ ቦታታት ኣብ ቀጽጽራ ኣእትያ ናብ ካልኣይ ሽቶኣ ክትቕጽል ፈተነት። ግን፡ ኣይተኻእለን፡ ሰራዊት ወያነ፡ ነቲ ብቐንዱ ቀዳማይ ሽቶኦም ገና ኣይተቖጻጸሩን ስለ ዝነበሩ ጸጋም ሸነኽ ዝያዳ ብኣሉታ ጸለዋ። ሰራዊት ወያነ፡ ኣሃዱታት ታንከኛን ረሻሽን ክሳብ ዝድርብዎን ዳግመ ምውድዳብ ኣብ ምግባርን ግዜ ማጠጡ። ጸላኢ፡ ነቲ ናይ ምድንጓይ ኩነታት ናብ ረብሓኡ ንምቕያሩ ጸቡቕ ገይሩ መዘመዘ። ኣርባዕተ ታንክታት፡ ክልተ ረሻሻትን ኔፈርቲ ውግእን ምስ ሓደ ሻለቃ ኣጋር ሰራዊት ኣጋዲሙ ጸረ-መጥቃዕቲ ገበረ። በዚ ምኽንያት፡ እታ ቦጦሎኒ 119 ናይ ህዝባዊ ግንባር፡ ካብቲ ተወርዊራ ኣትያቶ ዝነበረት ቦታ ንድሕሪት ናብ ቀዳማይ ሽቶ (መቓብር ኣስላም) ክትምለስ ግድን ኮነ። ጸላኢ በዚ ተተባቢዑ



ብሪ/19 - ንመጥቃዕቲ ሽረ ጻዕዳ ምድሪ ዓዲ-ዳዕሮ 1989

ኣጥቂዑዎ።

ክፍለ ሰራዊት ለካቲት ወያነ ኻና ሰዓት 10 ከይኣኸለ ቁምነገር ከየፍረየ ብንሆሁ ዓቕሙ ጸንቂቑ ደው ስለ ዝበለ'ዩ እቲ ኹሉ ጸገም ዝሰዓበ። ተወሳኺ ጸገም፡ እቲ ካብ ወያነ ዝተዓጥቀ ዙ-23 ኣብ ወተሃደራዊ መኪና ዝተጻዕነ ጸረ-ነፈርቲ ይኸውን እተን ብሃታሃታ ዝተዓጥቃ ታንክታት፡ ከሳቶም ከየድምዑ ነቶም መድፍዓጅታት ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ለኪሞም ብጸላኢ ተሃሪሞም ካብ ስራሕ ወጸኡ። ብምኽንያም፡ እቲ ኣደራዕ ኣብዘን ሓይልታት ወረደ።

ክፍለሰራዊት ለካቲት ወያነ፡ ዳርጋ ምስ ቀትሪ፡ ኒታ ምሉእ ረፍዲ ጥልዕ ጉንበስ ከተብሎም ዝወዓለት ቀዳመይቲ ሽቶኦም ተቖጻጸሩ። ኣብ ከምዚ ዝበለ ህሞት፡ ቦጦሎኒ 119 እውን ዳግማይ መጥቃዕታ ኣወሃሂዳ ክሳብ እግሪ ዳኖሳ (ሳልሳይ ሽቶ) ክትበጽሕ ከኣለት። እንተኾነ፡ ሕጂ'ውን እተን ካብ ቦጦሎኒ 119 ሸነኽ የማን ዝተሰለፉ ክልተ ቦጦሎኒታት ናይ ብርጌድ 19 ንድሕሪት ተጻፍዓ። ጸላኢ፡ ነቲ እተን ሓይልታት ተቖጻጺረንኦ ዝነበራ ቀዳማይ ሽቶ መንጢሉ

ኣጸሪፉ። ድሕሪ'ዚ እቲ መጥቃዕቲ ሰዓት 16፡00 ክቕጽል ተወሰነ።

ኣብቲ ናይ ሰዓት ኣርባዕተ ምሸት ዝተገብረ ካልኣይ ገጽን ዛዕባን መጥቃዕቲ፡ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባርን ወያነ፡ ካብ ኩሉ መኣዝን ናይቲ ግንባር ብሓንሳብ ሓፍ ኢሉ ንቕድሚት ከም ዝጥቀዕ ተገብረ። ኣብ ጀማሪ ሰገምቲ ራድዮታት ርክብ ብርጌድ 19 ጫቕጫቕ ምስ ኣብዙሓ፡ ኣዛዚ ብርጌድ ዓፋ፡ "ኩልኻ ዘረባ ኣቋርጽ! ብዘይካ'ቶም ኣብ ስራሕ ኣትዮም ዘለው፡ ኩልኻ ኣቋርጽ!" ምስ በለ ማዕበል ርግእ በለ፡ ከም ወጽኢቱ ድማ እቲ ብምብራቕ ዝተሰለፈ ኣሊላ ክፍለሰራዊት ወያነ ናብ ታባ ወያናይ ጸጋዎት ክግስግስ ከሎ፡ ካብ ሜካ ክፍለ ሰራዊት 74 ድማ ሓንቲ ርከብት ቦምባ በኣም 21 ተኲሱ ኣብ ፎርቶ ንዝነበረ መኸዚ ኣጽዋር ጸላኢ ኣብርዖ። ቦጦሎኒታት ብርጌድ 19 ብፍጥነት ንቕድሚት ተወርወራ። ጸላኢ ፍጹም ተዳሂሉ ኣብ ከተማ ንበረቱ ከቃጽል ተራእየ። ሰራዊቱ'ውን ዝኸኣለ ሂቡ ናብ ኣጠገና (መገዲ ተከዘ) ገጹ ተፈርሸሐ። ካብ ሰዓት 18፡00 ዳኖሳን ፎርቶን ብዘይ ጸገም ኣብ ቀጽጽር ወገን ኣተዋ። ኣዛዚ ብርጌድ ዓፋን ድማ፡ "ተልእኾና ወዲእና ስለ ዝኾንና፡ ወያነ እንተደልዮም ደስ ይበሎም፡ ንሾፍትክም ደው በሉ" ዝብል መምርሒ ኣመሓላለፈ።

ኣብዚ ውግእ'ዚ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ስውኣቱ ባዕሉ ቀቢሩን ቀሰላቱ ባዕሉ ኣልዒሉን። ኣብቲ መጀመርታ ከምቲ ዝተባህለ ውጉኣት ዘልዕል ህዝቢ መጺኡ'ኳ እንተ ነበረ፡ እቲ ውግእ ድሕሪ ምጽዓዉ ግን እቶም ዝተመደቡ ኣባላት ተሰዊኦም ጠፍኡ። ስለ'ዚ ብፍላይ ድሕሪ ምትሓዝ ከተማ ሽረ ተጋዳላይ ንድሕሪት ናብቲ ውግእ ዝተኻየደሉ ግንባር ተመሊሱ ብዓበይቲ ስውኣቱ ቀበረ።

ኣብቲ ዕለት'ቲ ወያነ ብራድዮ ፈንወኦ የመሓላልፎ ካብ ዝነበረ ዜና፡ ካብቲ ኣብ ሽረ ዓሊኑ ዝነበረ ጠቕላላ 12 ሽሕ ሰራዊት ናይ 604 ኮር ሰራዊት ደርግ 10 ሽሕ ከም ዝተደምሰሰ ገለጸ። ነቲ ዘይድፈር ዝነበረ ሰራዊት ካብ 11 ክሳብ 12 ለካቲት 1981 ዓመተምህረት ግእዝ ከም ዘይነበረ ኮይኑ … እናበለት፡ እንክላይ ንተሳትፎ ህዝባዊ ግንባር ብኣድናቖት ገለጸት።

ጸላኢ፡ ሽረ ኣብ ኢድ ወያነ ድሕሪ ምውዳቓ ነዊሕ ከይደንጎየ ኣብ መቐለን ከበባኣን ዓሊኑ ዝነበረ ሰራዊቱን ትካላቱን ጠቕሊሉ ብምስሓቡ፡ "መቐለኸ ኣየናይ ምዕባለ ከተማ ኮይና'ያ፡ ካብ ጡሓኒት እኽሊ ወጺኢ ትካል ዘይብላ ድሕርቲ ከተማ" እናበለ ከምቲ ውሻርያስ ዘቢብ ክትበልዕ ደልያ፡ ግን ካብ ላዕሊ ከተወርዶ ስኢና ዓቕማ ምስ ተረፋ፡ "እንታይ ኣደከመኒ፡ ዓራ መጺጽ'ዩ" ኢላ እናተባህለ ዝምሰል'ዩ ገይሩዎ።

ሳልሳይ ኣብዮታዊ ሰራዊት ካብ ትግራይ ጠቕሊሉ ምስ ወጸ፡ ካልኣይ ኣብዮታዊ ሰራዊት ብሸነኽ ደቡብ ንፉስ መንጠሌን ክወቕዮ ጀመረ። ምኽንያቱ ኣብ ትግራይ ሰራዊት መንግስቲ ምህላው ንካልኣይ ኣብዮታዊ ሰራዊት ብዘይመጠን ኣገዳሲ ነይሩ። ካብ ማእከል ሃገር ክመጽእ ንዝኽእል ከሉ ዓይነት ዕደላ ኣብ ክንዲ ብሰሜንን ብባሕርን ጥራይ ምጽባይ መስመር ትግራይ'ውን ምስ ብዙሕ ጸገማቱ ሳልሳይን ቀንድን ኣማራጺ'ዩ ነይሩ። ብተወሳኺ፡ እቲ ኣብ ኤርትራ ዳርጋ 90 ሚእታዊት ናብ ሰሜን ዝቐንዐ

መከላኸሊ ግንባር ጸላኢ፡ ሕጂ ናብ ደቡብ ዝጠመተ ሓድሽን ዝጸንዐን ግንባር ክምስርት ክግደድ እዩ። ምኽንያቱ ትግራይ ብምልኣ ካብ ህላወ ሰራዊቱ ናጻ ስለ ዝወጸት ሻዕብያ ታንክታታን መዳፍዓን ብምዕራብ ኤርትራን ትግራይን ጠውያ ብምስላፍ ብሸነኺቱ ክትዘብጦ እያ።

እዚ ነገር'ዚ ካብ ዓንተቦ ኣስተብሂልናሉ ኔርና ዝበሉ ናይ ሽዑ ላዕለዎት መኮንናት ናይ ሕጂ ጥሮተኛታት ደርግ፡ ነቲ ኹነታት ኣምሪርም ይነቕፉዎ። ብ1988-89 ሰራዊቶም ኣብ ሽረ ተኣጊዱ ከም ዝቕመጥ ምግባሩን ተመኪሮ ውግእ ብዘይብሮ ትግራዋይ ሻንበል ለገሰ ኣሰፈው ምምርሑን ዓቢ ክሳራ ክስዕበ'ዩ እናበልና ነእውን ንሕተበርን ኔርና። ግን ዝያዳና ሓሳብ ናይቲ ኣብ ኣዲስኣበባ ኮይኑ ንውግእ ሽረ ዝመርሕ ዝነበረ ለገሰ ኣስፋው ይሰምዕ ነበረ። ኣብ መወዳእታኡ ኹሉ ሰራዊትና ኣብ ከበባ ሻዕብያን ወያነን ኣትዩ ተበሊዑ ተረፈ … እናበሉ ምኽንያት እናደረሱ ሕሉፍ ውርደቶም ንምዕራይ ክልፍልፉ ይሰምዑ።

ይቕጽል

## ኣርካን

መላግቦ ዘመን ሕሉፍን መጻእን
ኣርካን ቅናት ምድሪ ሓበሬ መኣዝን
ሓገዝ ኣይደለኻን እንጉታን መሳጥን
ብውጥን ትምራሕ ኑበሽካ ትኣምን
ይኸውን ዝበልካዮ ግድን'ዩ ዝኸውን።

ካብ ሳሕል ነቕልካ ሽረ ከተዕርፍ
ተልእኾ ኔሩካ ህጹጽ ዘይተርፍ
እዋናዊ ጉዳይ ካጦካ ዘይ ሓልፍ
ደርሆ ኑቆ ምስ በልካዮም ውትፍ
ሰምካ'ዩ ጸበሎም ሓቂ ዘለፋልፍ።

መድሕን ንወጹዓት መዝጸሮር ገዚኣቲ
ፍትሒ ከተንግስ ከፈልካ ማስዋእቲ
ኣድማስ ጭርሖኻ መሰል ዲሞክራሲ
ናይ ሓብር ጸላኢ ብናይ ሓብር ቃልሲ
ንሕተቶ ጭቁናት ረኺቦሙ መልሲ።

ዋልታ ሓፋሽ ኢኻ ምቕሉል ተጋዳላይ
ኣየኝኻያን ወጽዕቲ ኣደ ትግራይ
ፋሽሽታዊ ሕሰም ጸርምባ ኣባይ
ባዕላ መሪቓስ ሂባትካ ንመራቓይ
ደምካ ደመ ስምኣን ዓሪት ንሰማይ።

ሓደ ንሰለስተ ክትገጥም ብሓይሊ
ሰለም ከፍበልካ ሓዲርካ ብዕቑሊ
ነቲ ምውት መሬት ሰጊርካ ብዛልኪ
ማሪኽካዮ መድፍዕ ሰሊብካያ ታንኪ
ዋጋ ከፊልካሉ ንእሰ ዓይኒ ብርኪ።

እቲ ወፅውይ ርሃጽ ጠሉ ከይ ሃፊፈ
ድኸሞ ኣካላቱ ሓንሳብ ከይዓረፈ
ሓመድ ናይ ኣእጋሩ ኻና ከይ ተኾገፈ
ጥርዓን ግምጋር ሽረ ረዳት ንወያነ
ብደሆ በለ ኣርካን ወሰዱ ውሳኔ።

ስሊያን ሃንደሳን ደባይ ተዋጋእትን
ኣጋር ከቢድ ብረት ታንከኛን ረሻሻን
ከም ከልብን ሰኣሳን ምስ ኮነ ሃደን
ንሾካ ክትቁሽምድ ጸላኢ ክሃድም
ዘርእኻ ጥራይ'ዩ ታሪኽካ ዝደግም።

ዕርዲ ድሕሪ ዕርዲ በቢ ክፋላቱ
ቀዳማይ ፈረሱ ምስ ዋርድያታቱ
ካልኣይ ሓይሉ ቀሩብ ተጸሪሑ
ሳልሳይ መምርያ ደሮ ተበጺሑ
ሽረ ሓራ ወጺኣ ነገር ተወዲኡ።

ተጋ/ት ብርኽቲ ኣብርሃም መ/ድንደን

# ሕብራዊት ብርዒ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ክእለትካ ምምዝማዝ

ደቂ ሰብ ብዘተማመወሎም ወህብቶ እናተጠቐሙ፡ ተኣምራታዊ ምህዞታት እናፈጠሩን መተብብርኦም እናኣማሓየሹን ኣብ ጎደና ምዕባለ ኣብ ምምራሽ ደርከቡ። እቶም ንዓለም ናብዚ ምዕባለ'ዚ ዘብጽሑ ሰባት ምስ ጠቕላላ ቁጽሪ ህዝቢ ዓለም ክወዳደሩ እንከለዉ ካብ ባሕሪ ብጭልፋ'ዮም። ደቂ ሰብ ክፍጠሩ እንከለዉ ኣገዳሲ ብሉጽ ኣእምሮን ኣካላትን ሒዞም'ዮም ናብዛ ዓለም ተቐልቂሎም።

እቶም ዕውታት ሰባት'ምበር ፍሉያት ፍጥረት ስለ ዝኾኑ ኣይኮኑን ተኣምራታዊ ቅያ ክሰርሑ በቒዖም። እቲ ምስጢር ክእሉቶም መዘምዚዞም ብዚይ ምስልካይን ተሰፋ ምቝራጽን ስለ ዝጸዓቱ ጥራይ'ዩ። ጆኣል ኦስቲን ዝተባህለ ኣመራጺ ጸሓፊ፡ "ደቂ ሰብ ንኣእምሮኦም ባዕሉቶም'ዮም መግትኢ ዝገብሩሉ፡" ብምባል ይገልጽ። ዝኾነ ሰብ ከም ኣተሓሳስባኡ፡ ጻዕሩ፡ ጥበቡ፡ ክሰርሖ ዝኽእል ስራሕ መሪጹ ክሰርሕ ከም ዝኽእል ደጋ ይሕብር። በሊሕ ኣእምሮ፡ ጥበብ፡ ምውቃዕ ንጹር ሸቶ ብቐሊሉ ተረኺቡ ኣይኮኑን።

ርእሰ ተኣማንነት ብትምህርቲ፡ ስራሕ (ተመኩሮ)፡ ምውሳእ ኣብ ማሕበራዊ ንጥፈታትን ካልእን ክጥረ ዝኽእል'ዩ። ንለውጢ ዘይምቕባል ርእሰ ተኣማንነት ከም ዘይንውንን ይገብር። ገለ ሰባት ብርእሰ ተኣማንነት ኣብ ቅድሚ ኣሽሓት ሰባት ደው ሓሳቦም ክገልጹ እንከለዉ፡ ብኣንጻሩ ድማ ካልኦት ካብ ኮፍ ዝበሉሉ

መንከር ክትንእሶ ሕንክትን ርእሰ ምትሓትን ዝሰምዕም ብዙሓት'ዮም። ሕንክትን ርእሰ ምትሓትን ግና ዋጋ የብሎምን። ብፍላይ መንእሰያት ብሰሪ ትሑት ርእሰ ተኣማንነቶም እንታይ ተማሂርም ወይ እንታይ ሰሪሖም ክፈልጡ ኣይክእሉን።

ኩሉ ግዜ ትምህርቲ፡ ንስራሕ፡ ንለውጢ ድልው ኩንካ ክእለትካ ኣብ ምምዝማዝ ኣድላዪ ዝኾኑ ምውሳእ እናገበርካ ርእሰ ተኣማንነት ከተጥሪ እንተ ደሊኻ እዞም ዝስዕቡ ኣተግብር።



- ንትምህርትን ለውጥን ድሉው ኩን።
- ርኢኻ ኣዕቢ።
- ጽቡቕ ኑበስ ግምት ኣማዕብል።
- ሓይሊ ናይ ሓሳባትካን ቃልካን ዳህስስ።
- ብዙሓ ሕሉፍ ውድቀት ኣይትዘክር።
- ኣንጻር ተቓወምን ጸገኩር ኩነታትን ብምልእ ሓይሊኻ ተጋጠሞ።

ተስፋ ወይ ሓጎስ ምርጫ'ዩ። ተስፋ፡ ሓጎስ ምስ ኢጋጠመ'ዩ ክኸስት ዝኽእል ዝብል ኣተሓሳስባ ክህሉ ይኽእል'ዩ። እቲ ምርጫ ግን ኑቲ ዚጋጠመካ ዘይሕገስ ኢጋጥሚ ብዙሕ ሚዛን ከይሃብካ መንገዲ ሓጎስን ተስፋን ኣብ ምምራጽ ናትካ ስጉምቲ'ዩ ወሳ። ኣብ ተስፋን ሓጎስን ዝኣበሩ ሰባት ወትሩ ንኽድምዑ ብቐዳምነት'ዮም ዝሰርዑ። ወድቀት፡ ጭሱ፡ ሓዘ፡ ክፉእ ትምኒት፡ ቅንእን ምስትምሳልን ኣብ ኣእምሮኻ ተሰዲንትን እንተ ኼንካ ኣብ ተስፋን ሓጎስን ክትኣብር ኣይትኽእልን ኢኻ። ተስፋ ናብ ቅድሚት ደፋኢ ሓይሊ'ዩ ኣልና ክነሰምዮ ንኽእል። ሓድሽ ፈጠራ፡ ውልቃዊ ተበግሶን ትብዓትን ንምምዝማዝ ንቕሓት የድልየና።

ደቂ - ሰብ ሓደ ካብቲ ጸቡቕ ባህርና ንሕልፍና ብምምዝጋም ንቕድሚት ክንጥምት ንኽእል ብምኳና እዩ። ንጹር ራኢ ምስ ዝህልወና ንንጹዝ መገዲ - ምንባር ብዝሰፋ ስለ እንኻዋን ናብኡ ንኸነብጽሕ ስለንጽዕርን መጸኢና ወሐሰ ይኸውን። ብዚይካ እዚ ብዙሓት ሰባት ምስ ክእሎቶም ሰኣን ንወሽጦም ምፍታሽን ብምንጻርን ዓቢ ራኢ ብምሕንጻጽን ኣብ ህይወቶም ትርገም ዘለዎን ፍሰህ ህይወትን ከሕልፉ እናኽኣሉ፡ ኣይከኣልን እዩ ብምባል ምስ ኩሉ ጸጋታቶም ዝምህምኑ ውሑዳት ኣይኮኑን። ኣእምሮና ኣብ ሓደ ንጹር ራኢ ብምትኳር ብልክዕ እንተ ተጠቒምናሉ ዘይኽእሎ ከም ዘይብሉ ክንግንዘብ ይግባእ። ስለዚ ዓቢ ራኢ ሓንጺጽካ ምስራሕ ምስጢር ዓቢ ዓወት ምኳኑ ተረዲኦና ክንሰርሕ ይግባኣና። ኑቲ ዝሓንጸጽናዮ ራኢ፡ ቀስ ብቐስ ብመቓን ግዜ ብዝተሰርዐ ዕላማታት ሓንጺጽና መሻ ኣብዩ ክንበጽሕ ኢና እንታይ እንታይ ክንገብር ኢና ብምባል እንተ ከፋፊልናዮ ኣዘዩ ቀሊል ይኸውን። ስለዚ "ዓቢ ራኢ ይሃልኻ ዓቢ ጸዕሪ ግበር ዓቢ ሰብ ክኸ ክትከውን ኢኻ" ትብል ኣበሃሃላ ኣዘያ ማሰረታዊት እያ። እቲ ድሕሪ ዝመጽእ ክኣብ ክንደይ ኑቲ ዘውጻእካዮ ራኢ ብፍሰ ኢኻ እዩ? ብኸምዚ ንቕሓታዊ ኣተሓሳስባ እንትልሞን እንነጻኖን ህይወት ውሑሰን ትሰፋን ስለ ዝኾነ ትርገም ዘለዎ ምንባር ክስተማቐር ንኽእል።

## ጠቐምቲ ኣትክልቲ



- 'ጂንኮ በሉባ'

'ጂንኮ'፡ እቲ ኣብ ዓለም ካብ ዘለው ኣትክልቲ ዝጠንተወ ተኽሊ ኮይኑ፡ ኣብ ቻይና ንኣሽሓት ዓመታት ከም መድሃኒት ኮይኑ ኣገልጊሉን የገልግል ኣሎ። ኣብ ኣቐጽልቲ ናይ'ዚ ተኽሊ ዝርከብ ቀመም ደም ብጽቡእ ኣብ ኣእምሮናን መላእ ኣካላትናን ንኽበጽሕ፡ ኣእምሮና ግቡእ ስርሑ ኣብ ምስራሕን ናይ ምዝኻር ብቕዓቱ ከምዝሕይል ኣብ ምግባርን ዕዙዝ ተራ ኣለዎ። ብዘይካ'ዚ ናይ ኣእምሮ ሽግር ዝለዎም ሰባት ንቓሉትትን ሕውሳትን ንኸኽሉ፡ ጸቡቕ ስምዒት ከህልዎም ይገብርን ሓሳቦም ብጽቡእ ንኽገልጹ ይሕግዞምን። ከም'ኡ'ውን ኑቲ ብሰንኪ ዋሕዲ ዑደት ደም ዝፍጠር ናይ ምርኣይ ጸገም ይፍወስን ንድኻም ሰብነት፡ ጸቕጢ ናይ ኣእምሮን ሕበእ ናይ መሓውርን ይፍውስ። እዞም ኣብ'ዚ ተኽሊ ዝርከቡ ወህሁዳት ቀመማት፡ ካብ ጉዳም ንዘመጽእ ዝኾነ ተጓዳኢ ዉኡታ ኣብ ምቅዋም ንርዓት ምክልኻል ኣብ ምሕያል ዓቢ እጃም ኣለዎም። 'ጂንኮ' ንኣእምሮኣውን ኣካላውን ጥዕናና ኣዝዩ ሓጋዚ ወይ ፈዋሲ ተኽሊ'ዩ።

- 'ሮያል ጀሊ'

'ሮያል ጀሊ' ዳርጋ ብኹሉ ባህልታት ንኣሽሓት ዓመታት ከም መድሃኒት ኣገልጊሉ እዩ። እዚም ዝስዕቡ ጥቕምታት ከኣ ኣለዎ፦

- ሓይሊን ኣካላዊ ጥንካረን ይፈጥር።
- ለማጽ ቁርበት ከም ዝህልወካ ይገብር።
- ናይ ምክልኻል ብቕዓትካ የጓቕቕሕን ክብ የብልን። ካብ ረኽሲታት ባክተርያን ቫይረስን ይከላኸል
- ንምቁጽጻር ክብደት ሰብነት ይሕግዝ።
- ጭዋዳታትን ይሃንጽ።
- ኣብ ምምዕርራይ ሂርሞን ዓቢ ተራ ይጻወት።
- ጥዕና ጸላም ከብዲ ኣብ ምሕላው ዓቢ ተራ ይጻወት።
- ብገጽረፈት ጸግያት ዝስዕቡ ምልክታት ይፍውሱ።
- ካብ ዝተፈላለዩ ኣካላዊ ጸገማት ከም ናይ ዋሕዲ ደም፡ ሕማም ጸላም ከብዲ፡ ሽኮርያ፡ ኣዝማ፡ ነድሪ ከስዐ ሕጽረት ኣብ ምፍዋስን ዓቢ ተራ ኣለዎ።

## ምስ ውሽጥኻ ምዝታይ

ኣሉታዊ ግዳማዊ ርኢይቶታት ናብ ተስፋ ምቝራጽ'ዩ ዝወስደካ። ዓይንኻ ዓሚትካ ሰም ብምባል ምልእ ኣቓልቦኻ ኣብ ወሽጥኻ ግበር። ኣብ ከምዚ ህሞት ምስ ገዛእ ርእስኻ ምዝታይ ዓቢ ተራ ኣለዎ። ሰባት ምልክዕ ኢኻ ብምባል ንግዳማዊ መልክዕካ ብምምስጓኖም፡ ብንጹሩ ከኣ ክፉእ ኢኻ ብምባሎም እዚ ንሸዑ ክንተህዎ፡ እቲ ከኣ ንሸዑ ክሐጉሰካ ይኽእል እዩ። እዚ ግን ግዳማዊ ርኢይቶታት እምበር፡ ከም መግለጺ እንታይነትካ ክትወስዶ ኣይግባእን። መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ክንዲ ብኣጠማምታና ብናይ ካልኦት ሰብ ክንዕበሊ እናበልና ስለ እንሸቑረር፡ ብኣመላኻኽታ ካልኦት ክንነብር ንገደድ ኢና። ከምኡ ክኸውን ግን ኣይግባእን። እቲ ዝመስለካን ክትከውኖ እትደልን ብገዛእ ርእስኻ ሰኣን ምግንዛብካ፡ ኑቶም ኣብ ህይወት ወሰንቲ ዝኾኑ ነገራት ካብ ምትግባር ሰጊጥ ትብል። ምስ ገዛእ



ርእስኻ ንኽትዛተ ዕድልን ግዜን እንተ ደኣ ኣሎካ ኮይኑ፡ ጸቡቕን ሕማቕን ጎድንኻ ካብ ካልኦት ንላዕሊ ባዕልኻ ትግንዘብ። እቲ ዘዋጽኣካ ውሳነ ንምውሳድ ዘሎ ተኽእሎ ስለ ዝዛይድ ንገዛእ ርእስኻ ዕድል ምሃብ ምስቲ ብደገ ናብ ወሽጥኻ ዝኣቱ ሕብሪ ደምጽታት ንኽትጣዓት - ሞግቲካ ድማ ንኽትረትዖ ዓቢ ዕድል ኣሎካ። ኑቲ ብደገ ዝመጽኣካ እወታዊ ይኹን ኣሉታዊ መልእኽት ዝገልጽ ዘረባ እንተ ደኣ ከይመርመርካ ትቕበሎን ከተተግብሮ ትህቅንን ኮይንካ ግን ኑቲ ዘለካ ዘይተበርበረ ንቑሕ ኣመላኻኽታ ኣህከሱ፡ ግዳይ ናይ ግዳማዊ ኣተሓሳስባታት ክትከውን ስለ ዝኑብርካ ጉዕዞኻ ከሰናኽለካ ይኽእል እዩ።

ንኣበነት ኣብ ግዜ ንእሰትካ ምስ ሰባት ዝበርካ ዝምድና ከምቲ ዝድለ ኣይነበረን። ምስ ዓቢኻ ግን እዚ ተለዊጡ፡ ወሽጣዊ ባህሪኻ ተጋሂዱ ጸቡቕ ናይ ምርድዳእ መንፈስካ ዓብዩን። እቶም ብንእሽቶኻ ከለኻ ዝፈልጡኻ ግን እቲ ብንእሽቶኻ ዝበረ ባህሪ ዘይተለወጠ ስለ ዘይመስሎም፡ ወትሩ በቲ ቐደም ዝፈልጡኻ ክየምግሙኻ ይኽእሉ እዮም። እዚ ግን ዘርም ከም ዘይከኑ ብምስትውዓል ምስ ወሽጥኻ ጥራይ ምዝታይ ይግባእ። ምኽንያቱ ካብ ወሽጥኻ እንተ ተበጊስካ ኣብ ኩሉ መገድኻ ክትዕወት ኢኻ።

## ኣብ ግዜ ጸቕጢ

- ህርመት ልቢ ይወሰኽ።
- ደም ናብ ዓበይቲ ጭዋዳታት ብብዝሒ ይውሕዝ።
- ስርዓት-ምስትንፋስ ናህሪ ይወሰኽ።
- ጭውዳታት ይግተሩ።
- ጸጉሪ ኣካላት ይቖንዑ።
- ሕማም ረሰዕ የስዕብ።
- ሽግር ድቃስ የስዕብ።
- ስምዒት ቃንዛ ኣፍልቢን ቃንዛ ርእሲን።
- ናብ ዝተፈላለዩ ሕማማት ከም መርዘንን ብዚያዳ ድማ፡ ናብ ቀዝሒ ክብጽሕ ይኽእል።

- ኣብ ከምዚ ህሞት፡ ናይ ምዝናይ ንጥፈታት ከም ኣስተንትኖ፡ መዚቃ ምስማዕ ኣዕሚቕካ ምስትንፋስን መዓልታዊ ብጽቡእ እንተ ኣካይድካዮም ካብ ጸቕጢ ክናግፉኻን ክዝዩኻን ይኽእሉ'ዮም።

ቅልጡፍ ስጉምቲ ምውሳድ ዝኾነ ሰብ ጸቕጢ ክስመዖ እንከሎ ይፍለጦ'ዩ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ድማ፡ ቅልጡፍ ናይ ምዝናይ ስጉምቲ ምውሳድ መፍትሒ ክኸውን ይኽእል። እዚ ነገር'ዚ ብዙሕ ልምምድ ምውሳድ ዘድልዮ ኮይኑ ድሕሪ ብዙሕ ምልምማድ ግና ኣካላትካ ነዚ ባህርያት ይለምዶ እሞ ኣብ እዋን ጸቕጢ ክሰቓቕሕ ይጅምርን ሚዛኑ ክሕሉን ናብ ንቡር ኩነታት ክምለስን ኣይእግሞን።

- ምስ ዘይትፈልጦ ሰብ ወይ ጋሻ፡ ሕገስ ብምኻን ፍሽኽታ ዝተሓወሶ ዕላል ኣዕልል።

## ጥቕስታት ሕብራዊት ብርዒ

- "ዝኾነ ይኹን ሰብ ብሓደ ነገር ካብይ ከም ዝበልጽ ይፈልጥ'ዩ። ስለዚ፡ ኑቲ ኣነ ዘይፈልጦ ካብኡ ክፈልጥ ክጽዕር ኣለኒ።"- **ኢመርሰን**
- "እቲ መሳልል ክድይብ ዝደሊ ሰብ ካብ ታሕቲ ክጅምር ኣለዎ።"- **ሄሩይቺ ፋሩዳት**
- "ሰብ ዝበሃል፡ ሰብ ኣብ ዘይብሉ ሰብ ኩይኑ ምስ ዝርከብ ጥራይ እዩ።"- **ዘይተፈልጠ**
- "ፍቕርን ርህራህን መሰረታውያን ደኣ እምበር መጋጊዲ ኣይኮኑን። ብዘይ ንሱቶም ሰብኣውነት ክቐጽል ኣይክእልን እዩ።" - **ዳላይ ላማ**
- "ሓቀኛ ሓጎስ ግዝያዊ እዩ።"- ኒትያ ፕራካሽ
- "ኢቓልቦ እንተ ደኣ ገዲርካ መዓልታዊ ሓድሽ ነገር ትመሃር ኢኻ።"- **ሬይ ስብሉንድ**
- "ብናይ ውድቀት ኣካይዳ ተበግሶኻ ናብ መሳልል ዓወት ክትድይብ ኣይትኽእልን ኢኻ።"- **ዚግ ዚግላር**
- "እስትንፋስ እቲ ዝበለጸ ህያብ ተፈጥሮ እዩ። ዝኒ ድንቂ ህያብ እዚ ኣመስግን።" - **ኣሚት ሬይ**

# ወዘተረፈ

መም/ዮናስ ሃብተ

ከም ብ'ዋዛ

## ቀርሰንቲዶ ቀርሰምቲ ወይስ መቕሰንቲ

'ይቕጽል' ዝብል ቃል እንተትሰምዑ እንታይ ምዝከርኩም? ኣብ ጋዜጣ፡ ኣብ ሬድዮ ወይ ኣብ ተለቪዥን ንዝዊሕ እዋን ዝተኸታተልኩሞ ዛንታ ወይ ድራማ. . .?

'ይቕጽል' እናበለ ዝኸይድ ነገር ትኸታተል እንተለኻ፡ ክውደኣልካ ኢኻ ትህንጠ። ኣንጠልጢሊ ይኹን ኣይኹን ብዘየገድስ፡ ሱሓበን ኣንጠልጣልን እንተኾይኑ እቲ ፍታሕ ወይ መዕለቢ ንኽትፈልጥ። ዘይስሕበን ዘየንጠልጥልን እንተኾይኑ ድማ፡ ንሱ ክውዳኣልካ እሞ፡ ብድሕሪኡ ገለ ካብኡ ዝሓይሽ መደብ እንተመጽኣካ ብምባል።

ኣነ ብወገነይ ካብ ሓደ ኣንባቢ፡ "ብምሕማቕ እቲ ተቐርቦ ዘለኻ ጽሑፍ ምቕጻልና ከይኣኽለናስ፡ መሊስካ ድማ ብይቕጽል ከተቃጽለና!" ዝብል መረረ ካብ ዝመጽኣኒ ንደሓር፡ "ይቕጽል" እናበልካ ምጽሓፍ ጉዱፈያ ኢዩ።

ስለ'ዚ፡ ምናልባት ነቲ ናይ ዝሓለፈ ሰሙን ጽሑፈይ ኣንቢብኩም ዝበርኩም ጀምዲ፡ "እዚ ናይ ሕጂ ደኣ'ሞ መቕጸልታ ናይ'ቲ ናይ ብቑዳማይ እንደዩ" እንተደኣ ኢልኩም - ኣይኮነን።

"ትርጉም 'ምቕርሳም' ናይ እትብል ቃል እንታይ እዩ?" ኢሉም እንተዝሓተቱና፡ ቅድሚ'ቲ ትርጉማ እታ - "ብድሕሪዛ ሕጂ ናብኣ ገጽካ እንተኼድካ፡ ወይ ብድሕሪዛ ሕጂ በዚኣ ገጽካ እንተ ሓሊፍካ፡ ቅርሶም ቅርሶም ኣበለ ዓዲ ከውዕለካ እዩ" ዝብል ዘረባ ዝዝከረና እመስለኒ። ማለትሲ- ከምኡ እናተባሃልና ስለ ዝዓበና።




ብትርጉም 'ቀርሰና' እትብል ቃል ክመራመር እንደዩ ነይሩ እቲ ሓሳበይ፡ ፊልሙ "ልሳ ኣግዓዚ ዘጹም ግርማ" ኣብ ዝብል ብመርጌታ ግርማጼን መብራህቲ ዝተጻሓፈ ናይ ትግርኛ-ብትግርኛ መዝገበ-ቃላት ገጺሉ፡ 'ቀርሰና' ዝብል ቃል ኣይረኸብኩን። "ዝኾነ መዝገበ ቃላት ኣብ ሸሸውዓተ ዓመት ክሕደስ ኣለዎ" ስለ ዝበሃል እሞ፡ እቲ መጽሓፍ ግን ይትረፍ ኣብ ሸውዓተ ዓመት ዋላ ኣብዚ ዝሓለፈ ኣርባዓ ዓመት'ውን ክሕደስ ብዘይምኽኣሉ ኢያ ነቲ ቃል ኣብቲ መዝገበ ቃላት ስኢኖዮ ዝኸውን። ሽዑ ነቲ ብ' 2013 ዓ.ም፡ ብኣሕተምቲ ሕድሪ ዝተሓትመ እንግሊዝኛ-ትግርኛ መዝገበ-ቃላት ገጺሉ፡ 'piracy' ኢለ ሓቲተ። ትርጉም ፓይርሲ ዝምታ ወይ ክትራን ኮይኑ፡ እቲ ዝምታ፡ ኣብ መራኽብ እንተኾይኑ ድማ፡ 'ቀርሰና' ኢዩ ኢሉ። ኣቲ ምናልባት ብኢጋጣሚ ደኣ፡ 'ለኸሰስ ለኸሰስ' ኣብዝሓይ ናይ ዝተቐርሰመ ሰብ እመስል ኮይኑ እምበር፡ ተቐርሲመ ኣይፈልጥን ኢዩ። ዝተቐርሰመ ሰብ እውን ኣይረኣኹን።

እንተኾነ ግን ንቀርሰና፡ 'ቅርሶማ' እንተ ዝበሃል ምሓሸ በዛላይ ኢዩ። 'ከመይ?' እሞ በሉኒ፡ ንቕጽሉ–

ብመሰረት መዝገበ ቃላት 'ልሳ ኣግዓዚ'፡ ምቕርሳም 'ምስባር ወይ ምድቓቕ' ማለት ክኸውን ከሎ፡ ብዘይካ'ዚ 'ምቕርሳም' ንኻልእ'ውን የሰምዕ ኢዩ። "ውዕለትና ንእንኽፈልሉ ኩነታት።" ስለዚ ነቲ 'ቅርሶማ'፡ ዝበልክዎ ዘለኹ ቃል ምስ ኩሉ ኩሉ ትርጉማቱ ኣኻዚብና እንተ ርኢናዮ፡ ኑዩም ንኽዝምቱኻ ወይ ንኽሰርቁኻ ዝመጽኡ ሰብ ዓቢይቲ መራኽብ ቀርሰምቶም ከይኣኽሎኩስ መሊሶም ድማ፡ "ውዕለት ናይ ዝቐርሶምናኩም ወይ መብድልቲ ይወሃበና" ስለ ትብሉም።

ሓደ ግዜስ ሓደ ኣዲኡ ሞይታቶ ጸዕዳ ነጸላ ተኸዲኑ ኣብ ዳስ ሓዘኑ ኮፍ ኢሉ ዝነበረ ሰብ፡ እተን መዛኑን መሓዛትን ኣዲኡ እክብ ኢለን ንደበስ ብምምጻእ ነቲ ዳስ ሓዘን ክምልኣኣ ምስ ረኣየ፡ ልክዕ ከም ሓደሽ ሓዘን 'ኢይ!' ኢሉ እናበኸየ ምእባድ ኣብዩ። ሽዑ ገለ ሰባት ንኸጸናንዕዎ፡

"እንታይ ክንገብር ኣፈጣጥራና ከምኡ ኮይኑ! ... ወላዲ ከኣ ጥዑም ጥዑም እናጠዓመካ ኢዩ ዝፍለየካ!" እንተበልዎ'ኸ ተኣቢዱ ደዩ ማሰልኩም? እኳ ደኣ፡ "እዋይ ፍረወይኒ! እዋይ ፍረወይኒ!

ናትኪ ሞት ዘይትሓሰ፡ እዞን መሓዛትኪ ብምልኣን ብህይወት ምህላወን ኢዩ ዘሕዝዘኒ!

ናተን ምህላው ኢዩ ኩብደይ ዝበልዓኒ ኣይ-ኣይ-ኣይደይይ!" ብምባል፡ ነቲ መሓዛት ኣዲኡ ምስ ረኣየ ኣምሪሩ መብከዩኡ ምኽንያት ኣግዚድዎ።

ቅርሶማ መቸም ብኣፍሪቃውያን እንደዩ ዝፍጸም። ምኽንያት እቲ ኣብ ባሕሪ ጸኒሕካ መራኽብ ምቕርሳም ናይቶም ቀርሰምቲ ኩሓስቦ ከለኹ፡ ምስ ምኽንያት ብኽያት ናይዚ ወዲ ዝመሳሰል ኢዩ ዝመስለኒ ነይሩ ኣብቲ ፈለሙ። ማለት'ሲ፡ እቶም ቀርሰምቲ፡ "ንዕልና ሰላምን ዝበልዕን ስኢንና ኣብ ከበድ ሽግር ከለናስ፡ መሊሶም ድማ ገዛገዙ ሰባት ብኣረግጽ ክውዱኡና?"

"ተውሳኽ እዛ ጥሜትናስ መሊሶና ድማ ብኣረግጽ ናይ ገዛገዙ ሃብታማት ሰብ መራኽብ ክንርከብ?" ስለዚ ቀርሰምና ቀርሰምና በዚኣ ከም ዘይሓልፉን ከም ዘይቅልቀሉን ክንገብሮም ኣለና" ካብ ዝብል ኣተሓሳስባ ዝበገሰ።

ደሓር ግን ተረዲኡኒ። እቲ ምቕርሳም ኑዩም ናብ ባሕሪ እንዳግዙዩም እናመጽኡ ዓሳታትን ካልእ ሃብቲ ባሕርን ዝዘርፉ ጉሓላለ፡ ቀርሰምካ ከርሰምካ ካሊኣይ ግዜ ቅልቅል ከይሃይብሉኻ ንምግባርም ምኳኑ።

እቶም ቀርሰምቲ ንእርቂ ዝተዋፈራ መራኽብ ናብ ጉማዕም ባሕርም ምጽጋዕ ካብ ዝጀመረላ ሰዓት ጀሚሩ፡ ኣብ ሃብቲ ዓሳ ጉማዕም ባሕርም ምምንማን፡ ምሕንኳኽ፡ ምውዳእ ሃብቲ ባሕሪ ማለ ሰዓቡ፡ ንሳቶም ድማ ኣጽዋር ብጠዋጠቃ ጀሚሩ ኦም መጺኦም ኣብኣተን ይድይቡ። ሽዑ ልክዕ ኣብ ርእሲ ሓርገጽ ደይቡካ ነቲ ሓርገጽ ድሳይካ ክትገብሮ ከም ምኽኣል ብዘይዩቲ፡ እንተደልዩ ከጥሕልወን እንተደልዩ ከቃጽልወን ብዘኽእለሉ መገዲ ከምዝይንቀሳቐሳ ገርም ኣብራኽን ይቕርሰምወን። ቀርሲሞመን ከይኣክል'ውን መሊሶም ክንዲ'ቲ ምግዛፍ ናይተን መራኽብ ዝኸውን መብጽ ወይ መብድልቲ (ransom) ይሓቱ።

ይገርም እኳ'ዩ፡ ፈለማ ምሽ ተማም ገርም ይቕረሰሙኻ፡ ደሓር ናይ ዝቐርሰሙኻ ንብድሕሪ ሕጂ ናብኣ ገጽካ ተወር ከም ዘይትብል ገርም ሰጠርም ናይ ዘበኩሉኻ ውዕለት ስለ ዝሓቱኻ ድማ'ዩ፡ "ፈለማ ነቲ ምቕርሳምን ውዕለት ምሕታትን እንታይ ኣራኽቦ ኢለ ኼይጸ ነይረ፡ ደሓር ግን ተቐቢለዮ" ዝበልኩኹም።

ስለዚ ድማ ንቀርሰንቲ ናይ ባሕሪ ይትረፍ'ዶ 'ቀርሰምቲ ናይ ባሕሪ' ጥራይ፡ 'መቕሰንቲ' ናይ ባሕሪ እንተበልናዮም እውን ጌጋ የብሉን። እቲ ምቕርሳም ክብሪ ባሕርኻ ሓልዩ ቀሳት ስለ ዘፈጥረልካ።

ቀርሰምቲ ኣብራኽ ናይ'ታ መርከብን ኣብራኽ ናይቶም ንጉሕልና ዝመጽኡ ሰራሕተኛታትን ጥራይ ኣይኮኑን ዝቐርሰሙ። እንተላይ ኣብራኽ ናይቶም ኣብ ርሑቕ ቦታ ዘለዉ መሻርኽቶም ወይ ለኣኽቶም ኢዮም ዝቕረሰሙ። ንድልዱል መሓወር ናይቲ ብምዝራፍ ዓሳን ሃብቲ ባሕርን እንዳግዙዩም ዘጥረይዎ ትካላት ብዘሎ ኣቀሪሶሞ።

ከም ዝነበርኩዎ ምቕርሳም ኣብቲ ፈለሙ ናብ ታራ ሽፍትነት ባሕሪ ገጹ ዝሰገረ ዓለም ለኻዊ ምቕርሳም ከይከውን'ኳ ስግኣት ፈጢሩ እንተነበረ፡ ደሓር ግን ንዝረፍቲ ሃብቲ ባሕሪ እንዳግዙዩም፡ ዓቢ ትምህርቲ ዝሀበ መቕጻዕቲ ኮይኑ'ዩ ተረኺቡ።

ነቲ ኣብ ቤትካ መጺኡ ክብርኻ፡ ኣብ ቤትካ መጺኡ ንብረትካ፡ ሂወትካ፡ ባህልኻ፡ ኣተሓሳስባኻ፡ ኣብ ቤትካ መጺኡ መትከላዊ እምነትካ፡ ፍልስፍናታት ኣካብራኻ፡ ሕብረትካ፡ ጆግራፍካ፡ ዕላማ ናጽነትካ ዘራፉ ንምንባርካ ኣብ ሓደጋ ከውድቕ ዝደሊ ዘራፊ ምቕርሳም ስለዚ፡ ኣድላይነቱ ዕዙዝ ኢዩ። ብፍላይ ብፍላይ ከኣ፡ ከምዚ ከማና ንዘኣማስሉ፡ ሃብታም ባሕሪ እትውንን ተጠማጢት ሃገር ዝኾኑዮም ህዝቢ።



## ምንዳይ ሸቕሊ

ቡቲ ነዊሕ ዓመታት ይጉብር ሓደ ዓቢ ኣቦ ዘዕለለኒ ዕላል'የ ክጀምር። ቀደም፡ 'ቤት-ጽሕፈት ዕዮ' ፍሉጥ ኣብ ዘይነበረሉ እዋን፡ እቶም ፋብሪካታት ተኸሊም ሃብቲ እንዳግዙዩም ዝምዝምዝ ዝነበሩ ዓዲውያን ሰራሕተኛታት እንተደልዮም፡ ፈለማ ኣውተብቱቶም ናብቲ "ክሰርሑ ይኽእሉ ኢዮም" ዝበሃሉ ሰባት ብዝበዝሐ ዝርከብሉ ቦታታት ይሰዱ። ብድሕሪኡ፡ ስራሕ ዝደልዩ ሰባት ኣኻኺበም ናብቲ ቦታ ስራሕ ይወስድዎም።

ንኣብነት፡ እተን ኣብቲ ሽዑ እንዱሚሎቲ፡ እንዱክርቢቲ፡ እንዱክሻ ወዘተ ተባሂለን ዝጽወዓ ዝነበራ ፋብሪካታት ሰራሕተኛታት እንተደልየን፡ እተን ናይ ሰርቪስ ኣውተብቱተን ናብቲ ክሰርሑ ዝኽእሉ ሰባት ብዝበዝሐ ዝርከብሉ ከባቢታት ኣስመራ ዘወርወር ከም ዝነበሉ ይዝንቶ።

ማለት፡ እተን ናይተን ፋብሪካታት ኣውተብቱት፡ ኣብ ከባቢ ሹቕ፡ ዕዳጋ-ሓመስ፡ እንዱማርያም፡ ሜዳ-ኤርትራ፡ ጣቢ ሓደሽዓዲ፡ ዕዳጋ-ዓርቢ፡ ቪላጆ ጉዳይፍ፡ ፓራዲዞ፡ ሓዝሓዝ፡ ፈሮቢያ ወዘተ ዝኣመሰለ ቦታታት ይኸዳ እሞ፡ ማዕጾታተን ከፊተን ንሓንሳብ ደው ይብላ። እቶም ስራሕ ዝደልዩ ሰባት ድማ፡ ነቲ ናይ እንዳ እንታይ ኣውተብቱት ምኻኑ ዝሕብር ጽሑፈን ወይ ኣርማኣን ርእዮም፡ ክሰርሑለን ናብ ዝመረጹ ኣውተብቱት ይደይቡ፡ ኣብ ዝመረጽዎ ወገር ናይተን ኣውተብቱት ከፍ ይብሉ።

እተን ኣውተብቱት እቲ ዝደለየኦ ብዝሒ ሰብ ምስ ረኸባ፡ ካብቲ ኣብ መንበስበስተን ዝተጸጥመለን መንገዲ ደምሲ ብየውታ ዝፍኖ ደርፌ እናኣድረፋ፡ ናብቲ ፋብሪካአን ይምለሳ። ሓያሳቲ ሰራሕተኛታት ስርሖም ይጅምሩ።

ሎሚ ሰባት ስራሕ እንተ ደልዮም ግን፡ ከምቲ ናይ ቀደም ኣይኮነን። ናብ ወግዓዊ ቤት-ጽሕፈት ዕዮ ወይ ድማ ናብ ከምቲ ኣብ ኣስመራ ዝርከብ ከም ከበቢ እንዱማርያም ከበቢ'ቲ ብልምዲ 'እንዳ ብሎታ ደምሳሰ' እናተባህለ ዝጸዋዕን ዘይወግዓዊ ቦታታት ናይ ደለይቲ ስራሕ ኢዮም ዝኸዱ። ኣብ ካልእ ከተማታት ሃገርና ከምኡ ዝኣመሰለ ንብር ቤት-ጽሕፈት ዕዮ ወይ ስራሕ ዝደለዩ ሰባት ዝተኣኻኸቡሉ ፍሉይ ቦታታት ከም ዝህሉ'ውን ፍሉጥ ኢዩ።

እቶም ስራሕ ደልዮም ናብ ከምዚ ዝኣመሰለ ቦታታት ዝኸዱ ሰባት፡ መሳርሒ ክዓውንቶም፡ መሳርሒ ኣቑሒቶም ብዓበኡ ድማ ክእሉቶምን ጉልበቶምን ሒዞም፡ ናብቲ ስራሕ ዝጽበዮሉ ቦታታት ይወፍሩ።

ሽዑ ወይ እቲ ሰራሕተኛ ዝደለየ ሰብ ናብቶም ሰራሕተኛታት ቀርብ ኢሉ፡ "ሰራሕተኛ?" ይብል። "ትሰርሑ ዲኹም?" ማለቱ ኢዩ። ወይ ድማ እቶም ስራሕ ዝደለዩ ሰባት፡ ናብቲ ሰራሓተኛ ደልዩ ኣሎ ኢሎም ዝኣመትዎ ሰብ ቅርብ ቅርብ እናበሉ "ሰራሓተኛ?" ይብልዎ። እዚ'ውን "ሰራሓተኛ ዲኻ ደሊኻ?" ማለት ኢዩ።

ቅድሚ ዓሰርተ ሰለስተ ዓመታት ይኸውን ኣብ ዓዲ ጓዕዳድ እናተቐመጥኩ ከለኹ፡ ኣብቲ ካልኣይ ፈርማታ፡ ኣብ ወሰን ጽርግያ ብቕሽ ኣብ ዝተሰርሐት ግዚያዊት እንዳሻሂ ዝተኻኸቡ ሰባት ነርም።

ስራሕ ዘይብለይ ክኸውን ከለኹ ናብኣ ከይደ፡ ሃዘን ዝብል ቀመም ዘለዎ ጠዑም ሻሂ እናሰተኹ፡ ዋዕዋዕታት ዕላላትን ናይቶም ሰባት ምስማዕ ባህ ይብለኒ ከም ዝነበረ'ውን እዝከር።

ንሓደ ኣብኡ ከም ዝርከብ ነቢሩኒ ሰብ ደልየ ኢየ ነታ ቦታ ፈሊጠያ። ነቲ ሰብ ድማ ኣብ ሓደ ምሸት ምሸት ነዕልለሉ ዝነበርና ገዛ ተላልየ።

ነቲ ሰብ ሓንሳብ ምስ ተፋለጥትኩም፡ ጸርጋ ምሸት ምሸት እናተራኸብና ኢና ነዕልል ነርና። ፍሉጥ ስራሕ'ኳ ኣይነበሮን። ነንእለቱ ዝኸፍ ናይ ጉልበት ስራሕ እናሰርሐ ናብሮኡ ከም ዝመርሕ ግን ንሱ እንተዘይነግረኒ'ውን ባዕለይ ምፈለጥኩዎ ነይረ። ነቲ ካብ ኑቡሱ ዘየውጽኦ ከምብሎዮኒ ክዳኑን ነታ ካብ ኢዱ ዘይፈልያ ብእቻኑት ዝተኣሰረት ምሽሉ ዝጀጸረላ ስልጣኒያን ብምርኣይ። መሓልፎ ኣነ ምስ ፍሉጥ ስርሐይን ፍሉጥ ደሞዘይን እናተጨነቕኩ፡ ንሱ ግን እዚኣ ዝበላ ናይ ንጽባሒቱ ድራር ዘይብሉ ክነሱ፡ ከም በዓል ቀዋሚ ስራሕ፡ ዕጉስ፡ ልክዕ ከምዝን ኣዕዋፍ ከኣ ሕጉስ።

ብስራሕ ጥራሕ ኢዩ ዘዕልል። ክብሪ ስራሕ ዝርደኦ፡ ብዘጋጠሞ ጸገም ተጨኒቑ ዘየዕገርግር፡ ህዱእ፡ ንዝደለዮ ርግኣ ኢሉ ዝጸበን ክሬክሮ ዝጽዕርን እምበር፡ ብታህዋኽ ሽበድበድ ዘይብል። ቅሰን ዝበለ፡ ንዝበረት ዘየጉብድ። "ተጨኒቕካ ተጉድሎ እምበር፡ ተጨኒቕካ ትምልኦ ነገር የለን" እናበለ ብሸጋርጋርን ብጭንቀትን ኑቡሱ ዘይጎድእ። ትሰፋው፡ ጽባሕ ካብ ሎሚ ዝሓሸት ከም እትኸውን ኣሚኑ ብዘሰፉ ዝቕስን ዓይነት ሰብ ስለ ዝነበረ፡ ሓቂ ትሓይሽ ኣነ'ውን ካብኡ ብዙሕ እመሃር ነይረ። ደሓር ግን ሃንደበት ጠፊኡኒ። ጸርጋ ወርሓ ምስ ኮነ ተሌፎን ደዊለ፡

"ሄለው ተኽለ!?"

"እንታይ ደኣሉ እዚ ኩሉ ምጥፋእ?"

"እ...?"

"ኣነ ደኣ ካብታ እንዳሻሂ ቦታ'ኳ ዘይቀየርኩ"

"ዋላ ሕጂ'ውን ኣብኣ'የ ዘለኹ"

"ደሓን እንተለኻ ደኣ ጸቡቕ!" "

"በቃ በል ናብኣ ምጻእ!" ምባልኩዎ ነይረ። እንተኾነ ግን ኣብቲ ሽዑ ሞባይል ኣይነበረቶን ንሱኣ። ንዓይ'ውን ሞባይል ኣይነበረትንን።

ብዘኾነ፡ ኣድራሻኡ ኣብታ ዝበልኩኹም እንዳ ሻሂ ከም ዝኾነ ነጊሩኒ ስለ ዝነበረ ኢዩ ንሱኡ ክደሊ ናብታ እንዳ ሻሂ ከይደ።

ኑዩም እክብ ኢሎም ዘዕልሉ ዝነበሩ ሰባት፡ "ተኽለ ትፈልጥዎ'ዶ?" ኢለ ሓቲተ። ኣብኡ ብዙሓት ሰባት ስለ ዝኣትዉስ ብቐሊሉ ክፈልጥዎ ኣይከኣሉን።

"ተኽለ! ተኽለ! መን ተኽለ ደኣ ኮይኑ ወደይ?"

"እ... እቲ ግዝፍ ዝበለ ተኽለ ዓረብየ!"

"ዝፍስ ኣይኮነን"

"ተኽለ ሸቃጣይ?"

"ሸቃጣይ'ውን ኣይኮነን"

"ተኽለ! ተኽለ! ኣሃ ተኽለ እቲ ክልተ ናይ ቅድሚት ኣስናኑ ሽረፍ"

"ኣስናኑስ ሽረፍ ኢዩ እዉ"

"እሞ ተኽለ ካብዞም ኣብዚ ዝውዕሉ 'ቀርሰና' ደኣ ዘይትብሎ ኢታ ሓወና"

"እንታይ ቀርሰንኩ!" ብውሽጠይ ደኣሉ እምበር 'ቀርሰና' ምስ በሉኒ ሰንበዱ።

ድሕሪ ከም ዝተረዳእኩዎ፡ እቶም ኣብኡ ዝውዕሉ 'ቀርሰና' ዝበሃሉ ሰባት፡ "ኣብ ከም'ዚ ከም'ዚ ብኸንደዚ" ዝብልዎ ፍሉጥን ትሑዝን ስራሕ ዘይብሎም ክነሶም፡ ግን ከኣ እታ ዘሎዎም ለኸፎም፡ 'ብሩኽ መዓልቲ ኣውዕለና!' ዝብል ጸሎቶም ኣብጺሖም፡ እንተረኸቡ ድማ ምሳሕ ዝተቐጸሮ ስልጣኒያ ኣንጠልጢሎም፡ "ኣምላኽ ዝሓዘልና ስራሕ ኣሎና" ኢሎም ኢዮም ናብታ ስራሕ ዝጸበዩላ እንዳሻሂ ዝመጽኡ።

ደሓር ድማ ሽዑ ኣብቲ ዓዲ ጓዕዳድ ብዙሕ ትካላትን መኽዘናትን ነይረን እመስለኒ። ሰራሕተኛ ዝደለዩ ሰብ ትካላት ይኹኑ ካልኦት ሰባት፡ መኪነኦም ሒዞም ኣብቲ ከባቢ ደው እንተ ኢሎም፡ ደው ክብሉን ከመይ ገርም ኢዮም ሰራሕተኛታት ከም ዝደለዩ ዝፈልጥዎም እንድዒ፡ እቶም ናይ ጉልበት ሰራሕተኛታት እናተቐዳደሙ ከም ዐፍ ኣፈርም ናብ ዝጠን እተን ክፉታት መካይን ከስቅሉን መኪና ናብ ቦታ ስራሕ ክትውንጨፍን ሓደ ይኸውን።

ሎሚ እቶም ስራሕ ዝደለዩ ሰባት፡ መካይን ኣጸቢቖን ደው ከይበላን ዋላ እውን እናኸዳ ከለዋን ዘለሉም ስለ ዝስቀልወን ኢያም ሰባት፡ 'ቀርሰና' ዝበል ሳጓ ኣውጺኦምሎም። 'ቀርሰምቲ' ማሉዮም ኢያም ብመሰረት እቲ ኣብ ላዕሊ ዘዕለልኩኹም ሓደሽ ኣጸዋውዓ።

ንምጥቕላል፡ ዋላ እዚኣቶም'ውን ቀርሰምቲ ኢያም ብናተይ ኣረዳድኣ። ግን ከኣ መራኽብ ኣይኮኑን ዝቕርስሙ። ነቲ፡ "ኣብ ህይወትናን ህይወት ስድራናን ክመጽኣና ኣይንደልን ኢና!" ዝበልዎ ጥሜትን ድኽነትን ኢዮም ዝቕረሰሙ። ብዘኹርዕ ብራሃጽካ ናይ ምንባር ባህልና ህይወቶምን ህይወት ስድርኦምን ንኽሽቕሉ። ናይ ጽባሕ ሰባት ይግበሩና። ብሩኽ ቅነ!

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት ፍርዲ ኣስመራ

ሂወት ተክለሃይማኖት ገብረ፡ በዓል ቤተይ ሃይለስላሰ ተኽለ ካሳ ስለ ዝዓረፈ ገዛይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ 5 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት ዝቃወም እንተሎ፡ን23/04/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ሃይለ ገብረእግዚኣብሄር፡ ብዓልቲ ቤተይ ንግስቲ ገብረስላሴ ስለዝዓረፈት፡ ገዛይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ ወራሲ ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ ዝቃወም እንተሎ፡ን15/05/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ዞ/ደ መንደፈራ

ከሳሲት ኤደን ኣስመሮም፡ ተኸሳሲ ወከል ኣስመሮም ደበሳይ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን25/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክርአ ምኻኑ ነፍልጥ።

መርሃዊ ሰለሙን ወልደኪዳን ምባል ተሪፉ፡ የማና ሰለሙን ወልደኪዳን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ሰናይት ጠዓመ ተወልደ፡ ተኸሳሲ ብርሃነ ቃልኣብ ጼጋይ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን15/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክርአ ምኻኑ ነፍልጥ።

ከሳሲት ወ/ሮ ጺጋ ዘርኡ በየነ፡ ተኸሳሲ ኣቶ መንግስትኣብ ኣመናይ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን8/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ወ/ሮ ቅዱሳን ወልደገብርኤል ተኽለማርያም ጓሊይ ንግስቲ ክፍለማርያም ገብረዚጊ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወረሰት ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት ዝቃወም እንተሎ ን14/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ዞ/ደ/ ዓዲ-ቐይሕ

ከሳሲት ወ/ሮ ፍትሓዊት ከፈለ ነጋሽ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ምሉእ ዑቕባይ ነጋሽ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን23/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክርአ ምኻኑ ነፍልጥ።

ወ/ሮ ሰናይት ዘኣምን ኣድሓኖም፡ ኣደይ ኣረጋሽ ገብረሂወት ኣማን፡ ወረስቲ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ወረስቲ ምኻና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት ዝቃወም እንተሎ፡ን23/04/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ኣለም ገብረእግዚኣብሄር ተሰማ፡ ተኸሳሲ ኣቶ የማነ ባህታ ኪዳነ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን29/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክርአ ምኻኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ቤት ፍርዲ ዓዲ-ኳላ

ከሳሲት ወ/ሮ ጺጋ መሓሪ ግደይ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኣያኑብ ማሰሰ ገብረገርግስ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን15/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ከሳሲት ፍርቱና መሓሪ ኣርኣያ፡ ኣቶ ሄኖክ ግርማይ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን15/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ኣቶ ሰለሙን ማሰፍን ወልደሊባኖስ፡ ወለድና ኣቶ ማሰፍን ወልደሊባኖስ ሕድሩን ወ/ሮ ለተንስኤ ሃንስ ወሉን ስለ ዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 7+ ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ ዝቃወም እንተሎ፡ን25/04/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ቀሺ ወልደሰንበት ዑቕባገርግስ ተስፋኣ፡ ወለድና ኣቶ ዑቕባገርግስ ተስፋኣ ሰለሙን ወ/ሮ ለተሚካኤል ንጉሰ በሩን ስለ ዝዓረፉ፡ ኣነ ኣመልካቲ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻና ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ ዝቃወም እንተሎ፡ን9/05/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሳባ ገብረመስቀል ብርሃነ፡ ወላዲተይ ወ/ሮ ዘውዲ ገብረገርግስ ተስፋገርግስ ስለ ዝዓረፈት ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/05/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ኣርኣያ ሃብተ ገብረሚካኤልን ወ/ሮ ንግስቲ ወልደስላሴ ተሰማን፡ ጓልና ወ/ሪት ሰላማዊት ኣርኣያ ሃብተ ስለዝዓረፈት ንሕና ወለዳ ወረስታ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ ዝቃወም እንተሎ፡ን9/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ስምኦን የማነ ወልዳይ ምባል ተሪፉ፡ ሳሚኤል የማነ ወልዳይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፍረዝጊ በራሀ መረሳ ምባል ተሪፉ፡ ተመስገን በራሀ መረሳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፊሽን ሰመረ ናይዝጊ ምባል ተሪፉ፡ ኤደን ሰመረ ናይዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ሰገነይቲ

ከሳሲት ሰላማዊት ስልጣነ፡ ተኸሳሲ ገብረመድህን ሃይሉ ደስታ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን22/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ርግበ ዑቕባሓደሽ መንገሻ ምባል ተሪፉ፡ ርግበ ሓደሽ መንገሻ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ተስፋይ ገብረክርስቶስ መሓሪን ኣበርሀት ሕሉፍ ተላ፡ ወድና ዓወት ተስፋይ ስለዝዓረፈ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረቱ ንሕና ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ ዝቃወም እንተሎ፡ን22/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዳንኤል በርሀ፡ ኣደይ ለተመስቀል ገብረገርግስ ገብረሊባኖስ ስለ ዝዓረፈት ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ወራሲ ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ ዝቃወም እንተሎ፡ን30/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ሂወት ሓደጉ ገብረ፡ ተኸሳሲ በራኺ መሓሪ ወልዱ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን27/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

መሓመድዓሊ ዑመረዲን ዓብደላ ምባል ተሪፉ፡ ዓሊ ዑመረዲን ዓብደላ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት ፍርዲ ዲባርዕድ

ኣቶ ፍስሓጼን ሓሰማ ሓሰቡ ምባል ተሪፉ፡ ኣቶ ተስፋጼን ሓሰማ ሓሰቡ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኤልሳቤጥ ማሓሪ ሃብተሚካኤል ምባል ተሪፉ፡ ቤቴልሄም ማሓሪ ሃብተሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ዛይድ ወልደሚካኤል ኣፈወርቂን ወ/ሮ ውዓሰ ተኽለ ባሪኡን፡ ወድና ተኽለም ዛይድ ወልደሚካኤል ስለ ዝተሰውአ ንሕና ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/4/24 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ቀደሽ ኪዳን ወሰገርግስ ምባል ተሪፉ፡ ቅሳት ኪዳነ ወሰገርግስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ትርሓስ ካሕሳይ ኣርኣያ በዓል ቤተይ ክፍላይ ተስፋሚካኤል ስለ ዝተሰውኣ ምስ 9 ደቅና ወረስቲ ምኻና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ኣቑርደት

ወ/ሮ ራህዋ ዘድንግል የዕበዮ ትሕተ፡ ዕድመ ጓለይ ራሄል ጉጃ ተወልዳይ ምባል ተሪፉ፡ ሰልቫና ጉርጃ ተወልደይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣብራሽ ወልደማርያም ክፍሉ፡ ኣደይ ዝማም ገብረመድህን ፍሰሃ ስለ ዝዓረፈት ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረቱ ወራሲት ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ኣነ ሳሙኤል ኣስፍሃ ዝተባህልኩ፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ደብባዊ ምዕራብ ምምሕዳር -1 ዞና ቲራቮሎ ፓርሰል 57 ስፍሓት 375 ትርብዒት ሜትር ብቑጽሪ ምዝገባ ንብረት 55894/92312 ብስም ወላዲተይ ዝተመዝገበ ገዛ ወላዲተይ ወ/ሮ ጸየን ኣርኣያ ብህያብ ስለ ዝሃበትኒ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣትሒዙ ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልታት፡ ሕጊ ብዝእዝዞ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓሊ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ከፈጽም ምኻነይ እሕብር።

ሳሙኤል ኣስፍሃ

---

ኣነ ሳምሶም ሃብተ ነጋ ስዝተባህልኩ፡ ሊብሬቶ ናይ መኪና ገዛይ ብመለለዪ ንብረት ምምASD 00012255 ብዝበረ መለለዪ ንብረት 60338/99558 መለለዪ ዓሚል ASC 00652608 ስለ ዝጠፍኣኒ፡ ረኺቡዎ ወይ ድማ ብዕዳ ሒዙዎ ዝበለ ኣካል እንተሎ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተሓቲሙ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ብቑጽሪ ስልኪ 07117164 ክፍልጠኒ፡ እንተዘይኪይኑ መተካእታ ክዋሃበኒ ክሓትት ምኻነይ አፍልጥ።

ሳምሶም ሃብተ ነጋሽ

---

ኣነ ኣታኽልቲ ኣረፋይነ ተስፋልደት+1 ዝተባሃልኩ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 5 ምም/06 (ምም/ን/ዞባ ፓራዳይዝ) ሎታ ቁ.17 ፓርቸላ ጂ ቁጽሪ ገዛ 25 ዝርከብ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቑጽሪ ምስክር ወረቀት 109238 ብስም ወላዲትና ኣፍ ዘውዲ ሽፍታ ዕቑቡ ተመዝጊቡ ዋንኑቱ እተረጋገጸ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ፡ ወላዲትና ብሂወት ኣብ ዝነበረትሉ ግዜ ዝ.ተ ተጠቃሲ ገዛ ብለበዋ ስለ ዝገደፈትልና ስም ዋንነት ናብ ስምና ክመሓላለፍ ስለ ዝደለና ዝቃወም እንተሎ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓሊ ውሳኔ ሒዙ፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን የቕርብ።

ኣቶ ኣታኽልቲ ኣረፋይነ ተስፋልደት+1

---


ኣነ ለተንጉሰ ክፍሎም ወ/ጋብር+3+ ኣሕዋተይ ኣብ ምም/ን/ዞባ ኣርባዕተ ኣስመራ ዞባ 9 ምም/07 ጎደና ማይ ድብሩት ነበር፡ ቁ.4 ዝርከብ መንበሪ ገዛ ብስም ኣቦና ኣፍ/ሄር ክፍሎም ወልደጋብር፡ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቑምስክር ወረቐት 111498፡ መወከሲ ቁ.135575/135574 ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስን ንብረት ብውርሲ ዝረኸብናዮ፡ ብስምምዕ ሸምጋላታት ስለ ዝመቐልናዮ፡ ዋንነቱ ናብ ስምና ክመሓላለፍ ስለ ዝደለና፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ፡ ወይ ናይ መውዓሊ ውሳኔ ሒዙ፡ ንቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን የቕርብ፡ እንተ ዘይኣቕሪቡ ግን ናብ ስምና ከም ነመሓላልፍ ነረጋግጽ።

ወ/ሮ ለተንጉሰ ክፍሎም

ማሕበር ኤርትሮ ጀርመን
ERITREISCH - DEUTSCHE VEREIN
ERITRO - GERMAN ASSOCIATION

ትምህርቲ ቋንቋ ጀርመን ምዝገባ ጀሚርና ኣሎና
ካብ A1 ክሳብ A2 ዝዓለመ ዝተፈላለየ ደረጃታት ትምህርቲ
ንሀብ ከምኡ'ውን ሙኩራት መምህራን ከም ዘለውና
እንዱሓበርና ክትምዝገቡ ብኽብረ ንዕድመኩም ንኽፍሊት
ዝምልከት ወርሓዊ 400 ናቕፋ ምኻኑ ንሕብረኩም።
ብተወሳኺ ንመጀመርታ ግዜ ኣብ ኤርትራ ቋንቋ ቱርኪ
ብርትዓዊ ዋጋ ከምዝጀመርና ከነበስረኩም ንደሊ።

TEL: 122193



# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

## ደንደን፡ ኣለና፡ ሳዋን ሓሬናን ተዓዊተን =እስራኤል 33 ሽቶታት ኣመዝጊቡ

ሻምፕዮን ጋንታታት ኩዕሶ ሰክዔት ዞባ ማእከል፡ ብረቡዕ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቀትሪ ኣብ ሜዳ ኣስመራ ቦቾፊልያ ቀጺሉ ከም ዝወዓለ ህዝባዊ ርክብት ፈደረሽን ኩዕሶ ሰክዔት ዞባ ማእከል ሓቢሩ። ፈለማ ግጥሚታተን ዘካየዳ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ጋንታታት ቀዳማይ ዲቪዥን ደንደንን ኣሪርን እየን። ኣብዚ ግጥም፡ ተጻወትቲ ደንደን ዝያዳ ዓብለለን ክቐርባ'የን ተራእየን። ከም ውጽኢቱ ድማ፡ ኣብ ልዕሊ መጋጥምተን ብጠፈሕ 40-ብ28 ክዕወታ ክኢለን። ንግጥም ደንደንን ኣሪርን ሰዒበን ንሜዳ ዝኣተዋ ክለባት ኣለናን ምምሕዳር ኣርባዕተ ኣስመራን ነይረን። ኣለና ከኣ፡ ኣብ ልዕሊ መጋጥምታ ኣርባዕተ ኣስመራ 39-ብ24 ብምዕዋት፡ ምሉእ ሰለስተ ነጥቢ ሓፊሳ። ሳልሳይ ግጥም ናይ'ዚ ዕለት ኣብ መንጎ እታ ብኣሰልጣኒ ኣበል ኣፈወርቂ (ኣቤጋ) እትእለ ሳዋን፡ ብኣሰልጣኒ ኣብረሃም ዳኘው እትሰልጥን ክለብ ሜካናይዝድ 74'ዩ ተኻይዱ። ተጻዋታይ ጋንታ ሳዋ እስራኤል ምሉጌታ 33 ሽቶታት ኣብ ዘመዝገበሉ ከኣ፡ ሳዋ ንምኻ ብጠፈሕ 72-ብ55 ኣፋንያታ። ኣብ ናይ መወዳእታ ጸወታ ናይ'ቲ መዓልቲ ሓሬና'ያ ኣብ ልዕሊ ብድሆ 54-ብ36 ተዓዊታ። ሻምፕዮን ጋንታታት ኩዕሶ ሰክዔት ዞባ ማእከል፡ ሎሚ ዓርቢ'ውን ካብ ሰዓት 6:00 ምሸት ጀሚሩ ኣብ ሜዳ ቦቾፊላ ኣስመራ ክካየድ ምዃኑ ተፈሊጡ ኣሎ። ብመሰረት ወጺኡ ዘሎ ናይ ጸወታ ሰሌዳ፡ ኣብዚ ዕለት ጋንታታት ሳልሳይ ዲቪዥን ብረዛርስ ምስ ኮኾብ፡ ኤይ ኤስ ኤም ድማ ምስ እዋን ግጥሚታተን ክካይዳ እየን።



## ባርሳ፡ ፍሉይ ኣድናቖት ረኺቡ

ናይ ቀዳማይ እግሪ ግጥም ርብዒ ፍጻመ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ዝሓለፈ ሰሉሰን ረቡዕን ምሸት ኣብ ዝተኻየደሉ - ባርሰሎና ካብ ድሕሪት ተበጊሳ ኣብ ልዕሊ ፒኤስጂ ዘመዝገበቶ ዓወት፡ ብፍሉይ ኣቓልቦ ብዙሓት ወገናት ክስሕብ ክኢሉ ኣሎ። ኣብ'ቲ፡ ባርሳ ንፒኤስጂ 3-ብ2 ዝሰዓረትሉ ምሸት፡ ናይ ቅድም ተጻዋታይ ሊደስ ራፊና ኣብ ዓወት ባርሳ መሪሕ ተራ ክጻወት እንከሎ፡ ኮኾብ ተጻዋታይ ፒኤስጂ ኪይላን ምባፔ - ኣደዳ ነቐፌታ ተንተንቲ ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ ኮይኑ። ብረዚላዊ ናይ ክንፊ ተጻዋታይ ባርሳ ራፊና፡ ክሳብ ረቡዕ ምሸት ኣብ ግጥም ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ሽቶ ዝበዝሐ ኣመዝጊቡ ኣይፈልጥን እዩ። ብረቡዕ ምሸት ግን ክልተ ሽቶታት ብምምዝጋብ መድሕን ጋንታኡ ኮይኑ ኣምስዩ። ቀዳመይቲ - ንጌጋ ሓላዊ ልዳት ፒኤስጂ ደናሩማ ተጠቒሙ ከመዝግባ ከሎ፡ እታ ካልኣይቲ ከኣ ካብ ፔድሮ ንዘመጽኣት ኩዕሶ'ዩ ብዘርቂ ብቐዓቱ ናብ ሽቶ ቀይርዋ። ናይ ቅድም ተጻዋታይ ሊቨርፑል ፒተር ክሮች "ራፊና ኮኾብ ተጻዋታይ'ዩ። ብፍላይ ካልኣይቲ ሽቶኡ፡ ንቴክኒካዊ ብስለቱ እተንጸባርቕ እያ" ኢሉ ክገልጾ ከሎ፡ ኣሰልጣኒ ባርሳ ዛቪ ከኣ - "ራፊና ለውጢ ገይሩልና" ክብል ሞጊሰዎ። ወዲ 27 ዓመት ራፊና፡ ኣብቲ ግጥም ሽዱሽተ ግዜ ንልዳት ፒኤስጂ ክፍትኖ ከሎ፡ ካብኣን እተን ኣርባዕተ ኣብ ታርጌት'የን ነይረን። ድሕሪ'ቲ ግጥም - ዝሓለፈ ሰሙን ኣብርቲያም ልምምድ ክገብሩ ከም ዝጸንሑ ዝሓበረ ራፊና፡ ሽልማት ብሉጽ ተጻዋታይ ናይቲ ግጥም ረኺቡ እዩ። ብኣንጻሩ እቲ ምስ ሃገራዊት ጋንታ ፈረንሳ ኮይኑ ዋንጫ ዓለም ዝዕተረን ዝሓለፈ ዓመት ድማ ኣብ ሽልማት ባሎን ዲ ኦር ሳልሳይ ተርታ ዝሓዘን ኪይላን ምባፔ፡ ምሉእ ብምሉእ ካብ ጸወታ ወጻኢ ኮይኑ ምምሳዩ ሕሜታ በዚሕዎ ኣሎ። ምባፔ፡ ክሳብ ሕጂ ዘይወሰዶ ዋንጫ ናይ ሻምፕዮንስ ሊግ እዩ። ዝመጽእ ክረምቲ ብናጻ ናብ ሰጻናዊት ሪያል




ማድሪድ ክሸይድ ብምኻኑ ከኣ፡ ማልያ ፒኤስጂ ወደዩ ዝዕ ጸዋእ ዝሕዝ ኣጋጣሚ ሕጂ ጥራይ እያ። ብዘኽለኽልቲ ባርሰሎና ብሽዕ'ዚ ኣገባብ ዝጠፍእ እንተደኣ ኮይኑ ግን ዚ ሕልሚ ክረኽቦ ዘሎ ተኽእሎ ጸቢብ'ዩ። ኣብዚ ናይ ረቡዕ ምሸት ጸወታ፡ ሰለስተ ግዜ ናብ ልዳት ባርሰሎና ክቐልዕ ከሎ፡ ኩለን ካብ ታርጌት ወጻኢ እየን ነይረን። ምሉእ ጸወታ ካብ ዝተጻወቱ ናይ ቅድሚት ተጻወትቲ ፒኤስጂ ከኣ፡ እቲ ዝውሓደ (44) ኩዕሶ ዝተንከፈ ተጻዋታይ እዩ። ማልያ ማንቸስተር ዩናይትድ ወደዩ ኣብ 2008 ጸዋእ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ዝወሰደ ሪዮ ፈርዲናንድ፡ "ሎሚ ምሸት (ረቡዕ ምሸት) ዝበለጸ ተጻዋታይ ዓለም ፍጹም ኣይነበረን። ንሱ ድኹም ምቅስቓስ ኣብ ዘርኣየሉ ከኣ - ጋንታኡ ካብ ስራሕ ወጻኢ ኮይና። ዝመጽእ ሰሉስ ኣብ ዝካየድ ናይ ካልኣይ እግሪ ግጥም፡ ከም'ዚ ዓይነት ብቕዓት ከንጸባርቕ የብሉን" ክብል ነቲ ተጻዋታይ ነቒፍዎ።

ባርሰሎና፡ ኣብ'ዚ ናይ ረቡዕ ምሸት ጸወታ፡ ዋላ'ኳ ንወዲ 35 ዓመት ፖላንዳዊ ኣጥቃዓይ ሮበርት ለዋንዶውስኪን ንወዲ 33 ዓመት ጀርመናዊ ኣከፋፋሊ ኢካይ ጉንዶጋንን ኣብ መስርዓ እንተጸንበረቶም፡ እቶም ክብረ-ወሰን ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ዝሓዙ፡ እቶም ንኣሽቱ ተጻወትታ እዮም ነይሮም። ኣብ'ቲ ዕለት፡ ላሚን ያማል ብ16 ዓመትን 272 መዓልታትን፡ ፓው ኩባርሲ ከኣ ብ17 ዓመትን 79 መዓልታትን - ኣብ ግጥም ርብዒ ፍጻመ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ዝተጻወቱ ዝንኣሱ ተጻወትቲ ክኾኑ በቒዖም ኣለው። ተኸላኸልቲ ጁለስ ካውንደን ሮናልድ ኣራዎን - ደቂ 25 ዓመት ክኾኑ ከለው፡ ፐድሪ 21 ዓመት፡ ፈርሚን ሎፐዝ ከኣ 20 ዓመት'ዩ ኣቚጺሩ። እዞም ተጻወትቲ እዚኦቶም እዮም እምበኣር፡ ነቶም ምኩራት ተጻወትቲ ፒኤስጂ ከይተሸገሩ ክበልጽዎም ክኢሎም። ኣሰልጣኒ ባርሳ ዛቪ በዞም ተጻወትቲ ኩርዓት ከም ዝስምዖ ክገልጽ ከሎ፡ ፈርዲናንድ ከኣ - "ወዲ 16 ዓመት ከለኹ እንታይ ዓቕሚ ነይሩኒ ክሓስቦ ከለኹ፡ ናይ'ዞም ተጻወትቲ ብቕዓት ኣገዳሲ ይገርመኒ" ክብል ኣድናቖቱ ገሊጸሎም።

## ተጻወትቲ ዩናይትድ ብመጻኢ ተን ሃግ ይጠራጠሩ

ተጻወትቲ እንግሊዛዊት ክለብ ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ኣሰልጣኒ እታ ጋንታ ኤሪክ ተን ሃግ ዝመጽእ ክረምቲ ካብ ኦልድ ትራፎርድ ክወጽእ ምዃኑ የጋውሑ ኣለው። ብመሰረት መርበብ ሓበሬታ ደይሊ መይል - ንእሙናት ምንጪታት ኦልድ ትራፎርድ ብምጥቃስ ዝዘርገሖ ሓበሬታ፡ እቲ ኣሰልጣኒ ካብ ናይ ቅድሚ ሕጂ ዝተፈልየ ኣተሓሕዛ ተጻወትቲ ይኽተል ከም ዘሎ ተፈሊጡ። በዚ እዩም ከኣ እቶም ተጻወትቲ ጋንታኦም ንዓመታ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ትሳተፈሉ ዕድል ጸቢብ ምዃኑ ኣብ ግምት ብምእታው፡ እቲ ኣሰልጣኒ ክእለ ከም ዘኽእል ዝዘረቡ ዘለው። ዋላ'ኳ ርገጽ ዝኾነ ሓበሬታ እንተዘይሃለው፡ ወሃንቲ ዩናይትድ ዝኾኑ ሰር ጂም ራትክሊፍን ትካል ኢኒየስን ግን ደሮ ብውሽጢ ውሽጢ ብዛዕባ መጻኢ ተን ሃግ ውሳነ ከም ዘሕለፉ'ዩ ዝሕበር። ተን ሃግ ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ ገለ ጸንጸንታ ብምስማዑ፡ ኣብዚ እዋን ዝተፈልየ ጠባይ ሓዙ ብምህላው፡ ከኣ'ዮም ተጻወትቲ ዩናይትድ ዝዘረቡ ዘለው። ገለ ገለ ወገናት፡ ናይ ቅድም ኣሰልጣኒ ቸልሲ ግራሃም ፖተር ምስ ሰር ጂም ራትክሊፍ ከም ዝተራኸበ ይሕብሩ ኣለው። ኣቐድም ኣቢሉ ካብ ኢያንስ ዝመጽኦ ጻውዒት ዝጸገ ግራሃም ፖተር፡ ካብ ቸልሲ ድሕሪ ምብራሩ ብዚይ ዝኾነ ስራሕ'ዩ ዘሎ። ዋላ'ኳ ተን ሃግ ብዛዕባ መጻኢኡ ክዘረብ ድሌት ከም ዘይብሉ ይገልጽ እንተሃለወ፡ ኣብ መስርዕ ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ካብታ ራብዓይ ደረጃ ሒዛ ዘላ ቶተንሃም ብ11 ነጥቢ ድሒሩ ኣብ ሻዱሻይ ተርታ ተቐሚጡ ብምህላው፡ ኣብ ኦልድ ትራፎርድ ክጸንሕ ዘለዎ ተኽእሎ ጸቢብ ምዃኑ'የም ቀረብቱ ዝዛረቡ። ብጋላታሳራይን ኮፐንሃገንን ተሳዒሩ ካብ ናይ ምድብ ጸወታ ሻምፕዮንስ ሊግ ዝተገለፈ ተን ሃግ፡ ኣብዚ እዋን ኣብ ኩበሕታት ኦልድ ትራፎርድ ክትቅመጥ ዝጸበያ እንኮ ዋንጫ ኤፍ ኤ ካፕ ጥራይ እያ።




## ኣሎንሶ መልሲ ሂቡ

ኣሰልጣኒ ባየር ሙኒክ ዣቢ ኣሎንሶ፡ ንጻውዒት ሊቨርፑል ክነጽግ ዘገደዶ ብዙሕ ምኽንያታት ከም ዘለዎ ተዛሪቡ። ኣሎንሶ ዝመጽእ ዓመተ-ስፖርት፡ ንጀርገን ክሎፕ ተኪኡ ናብ ኣንፊልድ ክመጽእ ተደጋጋሚ ጻውዒት ክቐርበሉ ከም ዝጸንሐ ይፍለጥ። ከም ተጻዋታይ ሊቨርፑል ኮይኑ ንሓሙሽተ ዓመታት ዝጸንሐ ዣቢ ኣሎንሶ፡ ክሎፕ ኣብ ወርሒ ጥሪ ናይ'ዚ ዓመት ድሕሪ 8 ዓመታት ንሊቨርፑል ክገድፋ ምዃኑ ድሕሪ ምሕባሩ እዩ - ኣብ ዓይኒ ሓለፍቲ ዕድጊ ሊቨርፑል ክኣቱ ክኢሉ ነይሩ። ይኹን'ምበር፡ እቲ ኣሰልጣኒ ናብ ሊቨርፑል ከም ዘይከይድ ብወግዒ ብምሕባሩ፡ ኣሰልጣኒ ስፖርቲን ሊዝበን ሩበን ኣሞሪም - ቀዳማይ ምርጫ ኣንፊልድ ክኸውን ክኢሉ ኣሎ። ኣሰልጣኒ ባየር ሙኒክ ዘሎ ቶማስ ቱኸል፡ ዝመጽእ ክረምቲ ካብታ ጋንታ ክወጽእ ብምዃኑ ኣሎንሶ ንቦታኡ ክትክኦ ከም ዝኽእል'ውን ክዝረብ ጸኒሑ እዩ። ኣሎንሶ ግን "ሕጂ'ውን እንተኾነ ካብ ለቨርኩሰን ኣይወጽእን እየ" ክብል መሊሱ ኣሎ። ኣብ 2005 ማልያ ሊቨርፑል ወደዩ ጸዋእ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ዘልዓለ ዣቢ ኣሎንሶ፡ መዘኻት ምስልጣን ለቨርኩሰን ካብ ዝሕዝ ኣብ ውሽጢ 18 ኣዋርሕ - ነታ ጋንታ ኣብ መስርዕ ጋንታታት ቡንደስ ሊጋ ኣብ ቅድሚት ክትስራዕ ኣኽኢልዋ። ንሙኒክ ብሸዱሽተ ነጥቢ በሊጻ መሪሕነት ሒዛ ዘላ ለቨርኩሰን፡ ኣብ ትሕቲ ኣላይነት ኣሎንሶ ኣብ ታሪኻ ንፈለማ ግዜ ጸዋእ ቡንደስ ሊጋ ክትዓትር ትመጣጠር ኣላ። ለቨርኩሰን ድሕሪ 1997 ጥራይ፡ ሓሙሽተ ግዜ ኣብ ቡንደስ ሊጋ ካልኣይ ደረጃ ክትሕዝ ዝተገደደት ጋንታ'ያ። ዋንጫ ጀርመን ንምዕታር ኣብ ዝካየድ ውድድር'ውን ኣብ 1993 ድሕሪ ምዕዋታ ኣብ ሰለስተ ኣጋጣሚታት ንፍጻመ በጺሓ ክትሰዓር ተገዲዳ እያ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ 2002 ኣብ ግጥም ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ - ኣብ ፍጻመ ብሪያል ማድሪድ ተሳዒራ ካልኣይ ደረጃ ሒዛ። ኣብዚ እዋን ግን ኣብ ትሕቲ ኣላይነት ኣሎንሶ ኮይና - ኣብ ውሽጢ 27 ዓመታት ርእያቶ ዘይትፈልጥ ክብሪ ክትጓናጸፍ ትጸቢ ኣላ።

ኣሎንሶ፡ ብዛዕባ'ቲ ካብ ዝተፈላለያ ጋንታታት ዝመጽኦ ዘሎ ጻውዒት ምስ ቲኤንቲ ዝተባህለ ማዕከን ዜና ኣብ ዝገበሮ ቃለ-መሕትት፡ "ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ኢና ጋንታ ሃኒጽና። ታሪኽ ክንጽሕፍ ድማ ንቀራረብ ኣሎና። ኣነ ኣካል ናይ'ቲ ታሪኽ እየ። ሓጊዝናዮ ዘለና መንገዲ ዓወት፡ ንዓመታ እውን ክንደግሞ ክንጽዕር ኢና። ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት እሞ ከኣ ምስ ብሉጽ ዓወት ናብ ዘዘወዓትካ ጋንታ ክትከይድ ግቡእ ኣይኮነን። ብዙሕ ምኽንያታት እውን ኣሎ" ክብል እዩ ተዛሪቡ። ኣሰልጣኒ ሊቨርፑል የርገን ክሎፕ፡ ንውሳነ ኣሎንሶ ጽቡቕ ገይሩ ከም ዝርድኦ ገሊጹ ምንኣዱ ኣይርሰዐን።

ንኣሎንሶ ብዘይካ ሊቨርፑልን ሙኒክን፡ ሰጻናዊት ሪያል ማድሪድ'ውን ከም ተካኢ ካርሎ ኣንቸሎቲ ክኸውን ኣብ ግምት ኣእትያቶ ከም ዘበረት ይሕበር።



# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ


## “ምትእስሳር ህ/ሪ ቻይናን ደሴት ታይዋንን ዝብተኽ ኣይኮነን” ፕረዚደንት ሺ

ኣብ መንግ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይናን ደሴት ታይዋንን ዘሎ ‘ስድራ-ቤታዊ’ ምትእስሳር፡ ብምትእትታው ናይ ደገ ሓይልታት ዝብተኽ ከምዘይኮነ፡ ፕረዚደንት ቻይና ሺ ዢ ፒንግ ኣገንዚቡ።

ፕረዚደንት ሺ ዢ ዝገለጾ ዝሓለፈ ረቡዕ ምስ ፕረዚደንት ደሴት ታይዋን-ነበር ማ ዩንግ - ጆ ኣብ ዘዘርዎ ርክብ እዩ።

“ናይ ደገ ምትእትታው፡ ንታሪኻዊ ስድራ-ቤታዊ ምትእስሳር ቻይናን ደሴት ታይዋንን ደው ከብሎ ኣይክእልን’ዩ” ኢሉ ፕረዚደንት ሺ ኣብ መግለጺኡ።

ፕረዚደንት ሺ ወሲኹ፡ “ክፍታሕ ዘይክእል ቂምታ፡ ክዝረበሉ ዘይክኣል ጸገም፡ ክፈላልየና ዝኽእል ሓይሊ የለን” ክብል ኣብ’ቲ ርክብ ኣረዲኡ።



ፕረዚደንት ሺ ኣቐዲሙ እውን - ምውህሃድ ቻይናን ታይዋንን ዘይተርፍ ምዃኑ እዩ ገሊጹ ነይሩ።

ቻይና፡ ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ኣብ ከባቢ ደሴት ታይዋን ወተሃደራዊ ልምምዳት ኣካይዳ ነይራ፣ ኸሉ ድማ - ኣብ 2022 ንናይ ሽዑ ኣፈኛ ባይቶ ኣመሪካ ዝነበረት ናንሲ ፔሎሲ፡ ናብ’ታ ደሴት ዝገበረቶ ዑደት ምላሽ ንምሃብ ምንባሩ እዩ ዝግለጽ።

ካብ 2008 ክሳብ 2016 ፕረዚደንት ደሴት ታይዋን ኮይኑ ዘገልገለ ማ ዩንግ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ናብ ቻይና ዝጸሐ ፈላማይ ፕረዚደንት ታይዋን-ነበር ምዃኑ ዝዘከር ኮይኑ፡ ናብ ቻይና ንኻልኣይ ግዜኡ ናብ ቻይና ከምዝምርሐ ይሕበር።

ፕረዚደንት-ነበር ማ ዩንግ-ጀው እውን ዝሓለፈ ሓሙስ ድሕሪ’ቲ ርክብ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ቻይናን ታይዋንን ፍልልያተን ብሰላም ክፈትሓ ዝኽእላ፡ ኣብ ክልቲኡ ሸነኽ መጺጡ ታይዋን ዝርከቡ ህዝቢታት - ሓደ ዓይነት ባህልን ታሪኽን ዘለዎም ምዃናም ኣረዲኡ።

## ቀ/ሚ ደቡብ ኮርያ ስልጣኑ ይሓድግ



ጉዝኢ ሰልፊ ደቡብ ኮርያ ‘ፒፕል ፓወር’ ኣብ ባይቶኣዊ ምርጫ ድሕሪ ዘጋጠሞ ስዕረት፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ደቡብ ኮርያ ሃን ዳክሱ ብፍቓዱ ካብ ስልጣኑ ክወርድ ከምዝወሰነ፡ ማዕከናት ዜና እታ ሃገር ንቤት-ጽሕፈት ፕረዚደንት ብምጥቃስ ሓቢረን።

ብዘይካ‘ዚ፡ ሓላፊ ስታፍን ዋና ጸሓፊ ፖሊሲን ዝርከብዎም ላዕለዎት ሰበስልጣን እታ ሃገር፡ ስልጣኖም ክሓድጉ ተመሳሲ ስጉምቲ ወሲዶም ከምዘለዉ ተገሊጹ።

ፕረዚደንት ደቡብ ኮርያ ዩን ሰክዮል፡ ነቲ ኣብ ምርጫ ዝተረኽበ ድምጺ ክቕበል ድሉው ምዃኑን ኣብ ቁጠባ፡ መሰረት ህዝቢን ፖለቲካዊ ጉዳያትን ምርግጋእ ንምፍጣር ዝከኣሎ ክጽዕር ከምዝኾነ ኣፍሊጡ ኣሎ።

ኣብቲ ዝሓለፈ ረቡዕ ኣብ መላእ’ታ ሃገር ኣብ ዝርከባ 14,259 ኣቐጣታት ዝተኻየደ ሃገራዊ ባይቶኣዊ ምርጫ፡ መረጽቲ ን254 መናብር ምርጫ ድምጺ ክህቡ ኣኽኢልዎም።

ሰበራላዊ ሰልፊ፡ ኣብ’ዚ መንግስታዊ ጉዳያት ዘለዎ ኣተሓሕዛ ንምምዝጋም ተባሂሉ ዝተገብረ ምርጫ - ልዕሊ ሰለስተ ሕምሲት መናብር ከምዝተዓወተ ተፈሊጡ።


## ቍጠባዊ ዝቕባበ ኣመሪካ ወሰኽ ኣርእዩ

ቀጠባዊ ዝቕባበ ኣመሪካ፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ መጋቢት፡ ምስ ተመሳሳሊ ወርሒ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ክነጻጸር እንከሎ፡ ብ3.5 ሚእታዊት ከምዝወሰኸ - ወግዓውያን ስታቲስቲካዊ ጸብጻባት’ታ ሃገር ኣጺሮም።

ኣብ ዋጋ ነዳዲ፡ ክራይ ኣብያቲን ካልእ መሰረታዊ ጠለባት ህይወትን ዝርአ ዘሎ ናህሪ - ቀንዲ ጠንቂ ቀጠባዊ ዝቕባበ ናይ’ታ ሃገር ምዃኑ፡ ክኢላታት’ቲ ዓውዲ ይሕብሩ።

እዚ ናህሪ’ዚ፡ ኣብ ዕለታዊ ህይወት ህዝቢ ከቢድ ተጽዕኖ ፈጢሩ ከምዘሎ ጸብጻባት ይገልጹ።

ኣብ ኣመሪካ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ሓያሎ ሃገራት ኤውሮጳን ኤስያን እውን፡ ኣብ ዋጋታት መግብን ካልእ መሰረታዊ ጠለባት ህይወትን ዝምዝገብ ዘሎ ናህሪ፡ ካብ ዓቕሚ ናይ’ቶም ኣብ ማእከላይ



መትከብሮ ዝርከቡ ስድራ-ቤታት ንላዕሊ ብምዃኑ፡ ንሱ ዘኸትሎ ዘሎ ማሕበራ-ቀጠባዊ ጸቕጢ እናበኣሰ ይኸይድ ከምዘሎ ተንተንቲ ቀጠብ የረድኡ።

ኩናት ዩክሬንን ምስኡ ተኣሳሲሩ ዝተወሰነ እገዳታትን ማሕንቖታት ንግዲ፡ ከምኡ’ውን ክሊማዊ ነውጺ ዘስዐቦ ዘሎ ዕንወት፡ ካብ ቀንዲ ጠንቂታት ኣህጉራዊ ቀጠባዊ ውድቀት ምዃኑ’የም ኣህጉራውያን ጸብጻባት ዘገንዝቡ።

## ኣብ ሩስያን ካዛኪስታንን፡ ብዕልቕልቕ ኣሽሓት ሰባት ተመዛቢሎም



ኣብ ሩስያ ደቡባዊ ሸነኽ ዞባ ኡራልን ሰሜናዊ ወሰናስን ካዛኪስታንን ዝርከቡ ኣፍላጋትን ውሓይዝን - ብዝመኸኸ በረድ መሊኦም ብምፍሳሶም፡ ልዕሊ 110 ሽሕ ዜጋታት ክልቲአን ሃገራት ናብ ካልእ ቦታ ክግዕዙ ከምእተገደዱ ተቓሊሑ።

ኣብ ካዛኪስታን ጥራይ ልዕሊ 97 ሽሕ ሰባት ካብ’ቲ ቦታ ክግዕዙ እንከለዉ፡ ኣብ ሩስያ እውን ብውሕዱ 12 ሽሕ ሰባት ናብ ውሑስ ቦታ ከምዝተሰጋገሩ ትካላት ህጹጽ ረድኤት ሓቢረን።

እቲ ባህርያዊ ሓደጋ፡ ኣብ በረኽቲ ኣኽራን ኡራል ዝርከብ ከምራ በረድ ብልዑል ናህሪ ብምምካኹ ዝሰዓበ ምዃኑ እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

ኣፈኛ ሚኒስትሪ ምክልኻል ካዛኪስታን፡ መጠን ማይ ናይ’ቲ ኣብ ሩስያ ዝርከብ ሩባ ኡራል ይከታተሉዎ ከምዝለዉ ሓቢሩ።

ክልቲአን ሃገራት ምስ’ቲ እናወሰኸ ዝኸይድ ዘሎ ዋሕዚ ማይ፡ ንልዕሊ ሓሙሽተ መዓልታት ክቃለሳ ምጽንሐን ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ኣብ’ዚ ሕጂ እዋን - ናይ ህጹጽ እዋን ኣዋጅ ኣመሓላሊፈን ከምዘለዋ ተገሊጹ።

ሩሲያ፡ እቲ ዕልቕልቕ ግና ኣብ ገለ ከባቢታት ዞባታት ኡራልን ሳይበርያን ክቕጽል ከምዝኽእል ኣጠንቂቓ ኣላ።

## “ቅትለት ስድራ-ቤት መራሒ ሓማስ፡ ብዘይኣፍልጦ መራሕቲ እስራኤል እዩ ነይሩ” ኣገልግሎት ዜና እስራኤል

እቲ ሓይልታት እስራኤል ኣብ ቓዛ ብዝፈጸምዎ መጥቃዕቲ ኣየር - ሰለስተ ደቂ ፖለቲካዊ መራሒ ሓማስ እስማዒል ሃኒያ ዝተቐትልሉ ኩነት፡ ብዘይኣፍልጦ ቀዳማይ ሚኒስተር በንያሚን ናታንያሁን ካልኦት ላዕለዎት ወተሃደራውያንን ፖለቲካውያንን ኣዘዝቲ ከምእተፈጸመ፡ ኣገልግሎት ዜና እስራኤል ገሊጹ።

ኣገልግሎት ዜና እስራኤል ንላዕለዎት ሰበስልጣን’ታ ሃገር ብምጥቃስ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ናታንያሁ ይኹን ሚኒስተር ምክልኻል እስራኤል የኣቭ ጋላንት - ብዛዕባ እቲ ብወተሃደራዊ ሓይሊ እስራኤልን ኣገልግሎት ስለያ ‘ሺን ቤትን’ ዝተዋደደ መጥቃዕቲ፡ ኣቐዲሞም ከምዘይተሓበርም እዩ ኣገንዚቡ።

ደቂ ንፖለቲካዊ መራሒ ሓማስ እስማዒል ሃኒያ፡ ከም ኣባላት’ቲ ምንቅስቓስ ደኣ’ምበር ደቂ ፖለቲካዊ መራሒ ጥራይ ብምዃናም ዒላማ ከምዘይገበሩ እዮም - ገለ ላዕለዎት መራሕቲ እስራኤል ሓቢሮም ዘለዉ።

እስማዒል ሃኒያ፡ ብሓይልታት እስራኤል ኣርባዕተ ደቂ ደቁ እውን ከምእተቐትሉ እኳ እንተገለጹ፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል እስራኤል ግን ኣመልኪቱ ዝሃቦ ርእይቶ ኣይሃበን ዘሎ።

ቅትለት ስድራ-ቤት ሃኒያ፡ ኣብ ቓዛ ዝቕጽል ዘሎ ውግእ ደው ንምባል ንዝዓለመ ዝርርብ፡ ንኩነታት ናይ’ቶም ክሳብ ሕጂ ጅሆ ተታሒዞም ዘለዉ 133 እስራኤላውያን - መሊሱ ክሓላልኽ ከምዝኽእል ተሓቢሩ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ዓሰብ | 12/04/24 | ጎደና ኣፍዓበት ቁ. 105፡ ከባቢ 2ይ መደበር ፖሊስ(ካርሸሊ) | 123105 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services